ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 347 | 13 ነሓሰ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ረቡዕ

ገጽ 3
ካብ ርሓይታ ንጸጾ - ሰዐት ኣብ ዘይመልእ



ገጽ 4
ዓሻ ዓሊኖር - ቅድሚ ገድሊ፡ ኣብ ገድልን ድሕሪ ገድሊን

ገጽ 5
ትውልዳዊ ኣቦር ልቢ



ገጽ 9
ዘይጽሮሀ ርእሱተኣማንነት

ገጽ 11
ኣርሰናል ድሕሪ ግጥም ኮሚኒቲ ሽልድ



# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ዋሺንግተን፡ ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ተቓኒዑ




ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ዋሺንግተንን ከባቢኣን - ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንሓያል ደሌትን ንቕሓትን ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኣብ ዕቃበን ምውርራስን ባህሊ ከምኡ'ውን ሃገራዊ መንነትን ክብርታትን ብዝጸብርቕ ኣገባብ፡ ካብ 8 ክሳብ 10 ነሓሰ ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ከምእተቓንዐ፡ ካብቲ ቦታ ዝጽሓፍና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣብቲ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ንባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ዘጸብርቕ ምርኢት፡ ንህጻናትን መንእሰያትን ዝሳተፈ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ሰሚናራትን ሞያዊ ኣስተምህሮታትን፡ ባህላዊ ኣዘናጋዒ መደባት ከምኡ'ውን ንባህልን ታሪኽን ኤርትራን ህዝባን ኣብ መደባት ልምዓት ዝምዝገብ ዘሎ ዓወታትን ዘጸብርቕ ስእላዊ ምርኢት ዘጠቓለለ ማሰናድኡታት ከምዝቐረበ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ኣብሪሁ።

ቀዋሚ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቶ ግርማ ኣስመሮም፡ ብዛዕባ ህልው ፖለቲካዊ፡ ቀጠባዊ፡ ዲፕሎማስያውን ማሕበራውን ኩነታት ሃገርናን ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታትን ኣመልኪቱ ኣብ ዘቐረቦ ሰሚናር፡ ንዘሰላስሎ ዘሎ መደባትን ብሓያል ተሳትፎ ህዝቢ ዝረጋገጽ ዘሎ ኹሉገዳሲ ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንህልው ኩነታትን ኣመታቲኡን ዝምልከት ሕቶታትን ርእይቶታትን ድሕሪ ምቕራብ፡ ድልውነቶም ንዘበርክቶ መኸተ ብምርግጋጽ፡ ፈስቲቫላትን ካልእ ሃገራዊ ምትእኽኻባትን ኣብ ምድልዳል ሃገራዊ ጥምረት፡ ዕቃበ ባህላዊ መንነት፡ ከምኡ'ውን ምውርራስ ክብርታት ናብ ተኻእቲ ወለዶታት ዘለዎ ኣበርክቶ ዕዙዝ ብምዃኑ፡ ብዝሓየለ ውዳብ ቀጻልነቱ ክረጋገጽ ተላብዮም።

## ኣባላት መበል 28 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ስሩዕ መደባቶም ጀሚሮም

ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ንምዝዛምን ሃገራዊ ግቡኦም ንምፍጻምን ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሃገርና ካብ ዝርከብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ናብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ - ሳዋ ዘወረዱ ኣባላት መበል 28 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ7 ነሓሰ ስሩዕ መደባቶም ከምዝጀመሩ፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠናን ትምህርትን ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ሓቢሩ።

ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ብተወሳኺ፡ ተመሃሮ ኣብ'ዚ ንሓደ ዓመት ዝጸንሑሉ ግዜ ክኸተልዎ ብዛዕባ ዝግብኦ ኣገባባትን ተቐሪቡሎም ዘሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዝምልከት ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ዕላማ መምጽኢኦም ኣለልዮም ከም ዝሓለፉ ዙርያታት ተጊሆም ክመሃሩ፡ ሓድነቶም ኣትሪሮም ብጽንዓትን ተወፋይነትን ክሰርሑ፡ ከምኡ'ውን ሕድሪ ሰማእታት ክወርሱ ኣዘኻኺሩ።

"እቲ ቀንድን ወሳንን ዲስፕሊንዩ" ዝበለ ኮሎኔል ደበሳይ፡ ኣብ ኩሉ ዝካየድ ዓበይትን ንኣሽቱን መደባትን ንጥፈታትን ብኽብርታት ሕብረተሰቦም ክምርሑ ተላብዩ።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠናን ትምህርትን ሃገራዊ - ሳዋ ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ኣብ መውዳእታ፡ ትምህርቶም ንምቕጻል ናብ ሳዋ እናወረዱ ብ4 ነሓሰ ኣብ ቀልቀለት ጥንቁላሓስ ብሓደጋ መኪና ብዝሞቱ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ጽንዓት - ዓዲ-ኳላ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን ብምግላጽ፡ ብስሙን ብስም ማእከል ስልጠናን ትምህርትን ንስድራቤት ግዳያትን መንግስትን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

## ኣብ ንኡስ ዞባ ጎኘ፡ ንስድራ ስዉኣትን ጽጉማት ወገናትን ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዝ ተገይሩ

ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ንዝርከቡ ስድራ ስዉኣት፡ ኣለይቲ ዘኽታማትን ጽጉማት ወገናትን ንምድጋፍ ብህዝብን መንግስትን ዝካየድ ዘሎ ናይ ምጥያሽን ምሕጋዝን መደባት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎኘ ንስድራ ስዉኣትን ጽጉማት ወገናትን ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዝ ተዋሂቡ።

ተጸዋዒ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ግርማይ ጉብረትንሳኤ ነቲ ሓገዝ ኣመልኪቱ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንሓሙሽተ ዘኽታማት ዝኣልያ ስድራቤታት ነፍሲ-ወከፈን ዋጋ 30 ሽሕ ናቕፋ ጥሪት ክዕደላ እንከለዋ፡ 12 ስድራ ስዉኣት ድማ ንነፍሲ-ወከፎም 1656 ናቕፋ ከምእተዋህበ ጠቒሱ፡ እቲ ብህዝብን መንግስትን ዝተገበረ ሓገዝ፡ ኣካል ናይቲ ንጽጉማት ወገናት ንምርዳእ ካብ ነዊሕ ጀሚሩ ክሰራሓሉ ዝጸንሐ ሰናይ ተግባር ምዃኑ ገሊጹ።

ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ሓገዝ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ተገይሩሎም ዘሎ ሓገዝ መነባብሮኦም ብምምሕያሽ ደቆም ብግቡእ ከምህሩን ክኣልዩን ከምዘሕግዞም ብምጥቃስ፡ ምስጋንኦም ኣቕሪቦም።

# ማእከል፡ ንሃገራዊ ፈስቲቫል 2014 ክግበር ዝጸንሐ ምድላዋት ተጻፊፉ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ካብ 15 ክሳብ 23 ነሓሰ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ንዝቃናዕ ሃገራዊ ፈስቲቫል ክፍጸድ ዝጸንሐ ምድላዋት ከምእተጻፈፈ፡ ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ናይቲ ዞባ ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን ገሊጹ።

"ፈስቲቫል፡ብመንገዲ ምትእኽኻብና - ስጉምናን ውጽኢት ስራሕናን ብጥቡብ እንገልጸሉ ዓቢ መኣዲ'ዩ" ዝበለ ኣቶ ኣስመሮም፡ ዝኢ. መግለጺ. ሃገራዊ መንእሰና ዝኾነ ቅነ ብድምቀት ንምሕላፍ፡ ዞባ ማእከል ኮሚቴታት ኣቑሙን ኩሉ ዓቕምታቱ ወፊዩን ከሰላስሎ ዝጸንሐ ንጥፈታት ከምዝዘዘመ ሓቢሩ።

ፈስቲቫል፡ ኪኑ ምዝንጋዕ ዝኸይድ ትርጉምን መልእኽትን ዘለዎ - መሰጋገሪ ባህላዊ ወርሽታትን ታሪኽን ምዃኑ ብምግላጽ ድማ፡ ልዕሊ 120 ዓበይትን መንእሰያትን ዝሳተፍዎ ጉጅለ ያታዊ ትልሂትን መዘቃን፡ ንያታዊ መንብሮ ዝገልጽ ደኮና ኣባይቲ፡ ሓያሎ ስሩጥባባውያን ዝሳተፍዎ - ንኹሉ መዳያዊ ንጥፈታት ዞባ ማእከል ብጥበባዊ መገዲ ዝገልጽ ስእላዊ ምርኢትን ካልእ ትሕዝቶን ተዳልዩ ምህላው ብምጥቃስ፡ ህጻናትን ቈልዑን ቀንዲ ተሳተፍትን ኣማዕረግትን ኮይኖም፡ ሕሉፍ ታሪኽን ያታን ንኽወርሱ ምእንቲ ድማ፡ ኣብኡ ዝተኩረ ፍሉይ ምድላዋት ተገይሩ ከምዝሎ ኣሺሩ።

ኣቦ-መንበር ሽማግለ በዓላት ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን ኣብ መወዳእታ፡ ቀጽሪ ኤክስፖ መኣዲ ኩሉንትና ስለዝኾነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ነጋዲ ብዘዮሮእ ከስተማቕሮ ብምዝኽኻር፡ ኩለን ኮሚቴታት ዞባ ማእከል ኣብ ምድላዋት ከርእይኦ ንዝጸንሓ ወህደትን ተገዳስነትን ኣብቲ ናይ ፈስቲቫል ዕለታት'ውን ክቕጽልኦ ተላብዩ።




# ነበርቲ ጋላ-ነፍሒ፡ ምስራሕ ዛላታትን ከትርታትን ዘጠቓለለ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን የካይዱ ኣለዉ

ነበርቲ ዓድታት ኣብርዳእ፡ ክትሞውሰሉ ኗጌኑ ዓዲ-ኸምባሎን ሰሎ-ዳዕሮን - ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ሓመድን ማይን ንምዕቃብን ዝበደመ መሬት ናብ ንቡር ንምምላስን፡ ብዙሓት ውዳበ ማእቶታዊ ወፍሪ የሰላስሉ ኣለዉ።

ኣካባቢ ኣብርዳእ ኣቶ ተስፋይ መርእድን ኣመሓዳሪ ከባቢ ኗጌን ኣቶ ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄርን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ከባቢኦም ካብ ፍግረ-መሬት ንምክልኻል፡ ዛላታትን ከትርታትን ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ይነጥፉ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ብኮም ተወዲቡ ዝካየድ ስራሕ ውጽኢቱ ኣድማዒ ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ብወህደት ይሰርሑ ከምዘለዉ ኣረዲኦም።

ካቢ ኣብርዳእ ኣቶ ማህደረ ክፍለን ካቢ ክትሞውሰልዕ ኣቶ የማነ ፍስሃየን ብግደኦም፡ ኣብ ከባቢኦም ዝካየድዎ ዘለዉ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ዝካየድ መደባት ልምዓት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ውጽኢት ወፈራዊ ማእቶት ኣብ ባይታ ይርኤ ስለዘለው፡ ብዘለዓለን ዝሰፍሐን መልክዑ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ መንእሰይ ኢሳይያስ ዘወልዲ ብወገኑ፡ እቲ በብዓመቱ ዝሰላሰል ወፍሪ ንውጽኢት ሓባራዊ ስራሕ ዘጕልሕ ምዃኑ ብምምልካት፡ ተሰላሲሉ ዘሎ ንጥፈታት ሕርሻዊ እቶታውነት ኣብ ምዕባይ እወታዊ ተራ ከምዝጻወት ገሊጹ።

እተን ዓድታት ንዝተመደበለን ስራሕ ብልዑል ወኒ ይዓምኦ ከምዝለዋ ዝሓበረ ሓላፊ ቀጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ድማ፡ ብምውህሃድ ህዝቢ ዝካየድ ወፈራታት ኣድማዕቲ ስለዝኾኑ፡ ዝተሓንጸጸ መደባት ንምዕዋትን ከባቢኦም ንምልማዕን ወትሩ ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

# ሰገነይቲ፡ ብክረምታዊ ወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ልዕሊ 180 ሽሕ ፈልስታት ተተኺሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ብክረምታዊ ወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ኣስታት 180 ሽሕ ፈልስታት ከም እተተኽሉ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ክኢላ ምዕቃብ ሓመድን ማይን መንእሰይ ፍቕረማርያም ምሕረትኣብ ሓቢሩ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መንእሰይ ፍቕረማርያም፡ ኈ-ኈ'ቲ ምትካል ፈልስታት፡ ሓደሽ ዛላታት ከምእተሰርሐን ዝጸንሐ ከምእተጸገነን ብምጥቃስ፡ እቶም ዝርኣይዎ ተወፋይነት መጕሱ።

ካብ ኣለይቲ ተመሃሮ መምህር ኢትባረኽ ሃይለ ብወገኑ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 18 ግዜኡ ዝተኻየደ ክረምታዊ ወፍሪ ተመሃሮ፡ ኣብ ልምዓታዊ ገስጋስ ዘምዝግቦ ዘሎ ውጽኢት ኣድማዕነቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይጕልሕ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ተመሃሪት ፍርቱና ነጋሲ፡ ተመሃራይ ሙሴ ገብረመድህንን ተመሃሪት ሊድያ ፍስሃየን ድማ፡ እቲ ወፍሪ ናይ ስራሕ ልምዲ ዝጥረዩሉን ሓድሕድ ተመኩሮ ዝተለዋወጡሉን መድረኽ ስለዝኾነ፡ ብዓወትን ተገዳስነትን ከምዝዓመምዎ ብምግላጽ፡ ዝተተኽሉ ፈልስታት ጸዲቖም ክሳብ ዝዕብዩ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ምክትታል ከምዝካይዱ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ 250 ተመሃሮ ብመምሃራኖምን ሞያውያን ሕርሻን እናተኣለዩ፡ ካብ 7 ሓምለ ንሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ውጽኢታዊ ልምዓታዊ ንጥፈታት ከም ዘካየዱ፡ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣሺሩ።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

ቍ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 125394-08204224

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ

የሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ



## ክታበት ሮታ ቫይረስ

ሚ/ሪ ጥዕና ኣቲ ብደረጃ ዓለም ጠንቂ ሕማምን ሞትን ብዙሓት ህጻናት ኮይኑ ዝጸንሐ ብሮታ ቫይረስ ዝመጽእ ውጽኣት ንምክልኻል ሓድሽ ክታበት - ክታበት ሮታ ክጀምር እዩ።

ክታበት ሮታ ቫይረስ ካብ ነሓሰ 14 2014 ጀሚሩ ኣብ ስሩዕ መደብ ክታበት ተኣታትዩ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ክወሃብ እዩ።

- ክታበት ሮታ ንኹሎም ትሕቲ ሓደ ዓመት ህጻናት ይወሃብ።
- ክታበት ሮታ፡ ብጠብታ ኣብ ኣፍ ይወሰድ!
- ክታበት ሮታ ኣብ ክልተ ዙርያ ይወሃብ!

ስለዚ፡ ወለዲ ደቆም ኣብ ሽዱሽተ ሰሙን ዕድሚኦም ቀዳማይ ክታበት፡ ኣብ ዓሰራይ ሰሙኖም ድማ ካልኣይ ዙርያ ክታበት ኣብ ዝቐረቦም ትካል ጥዕና ብምኻድ ከኽትብዎም ሚ/ሪ ጥዕና ይጽውዕ።

ብሮታ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም ውጽኣት መከላኸሊኡ ክታበት ሮታ ጥራይ እዩ!

ሚ/ጥዕና

# ካብ ርሓይታ ንባጽዕ - ሰዓት ኣብ ዘይመልእ




ኣማኑኤል በርሀ

ብቐዳማይ መጋይሽቲ ምስ ዓደምኩ፡ ሎሚ ለይቲ ማእለያ ዘይብሎም ነጋድያን'የ ረኺበ። መራሒ ጉዕዞ ባዕለይ ስለዝኾንኩ፡ በየን ጀሚረ ናበይ ከምዝወስደም ኣብ ምምራጽ ተሸገረ'የ ሓዲረ። ኣውራ ከኣ ማጠሊ ጉዕዞና ካበይ ክኸውን ከምዝለዎ'ዩ ምውሳን ጸጊሙኒ። እቲ ምንታይሲ ገሊኦም ሰብ ሰሜኑ ሰብ በራጠን ቅሮራን፡ ገሊኦም ሰብ ምዕራብ፡ ሰብ ሰቲትን ኣውጋሮን፡ ካልኦት ሰብ ደቡብ፡ ሰብ ገዝ ከረንን ሰየራን፡ ገሊኦም ሰብ ምብራቕ፡ ሰብ ዳህላክን ደንካልያን'የም መጋይሽተይ። ካበይ ከምዝተበገሰና'ኺ ብዙሕ እንተዘይዘርከቦም፡ እንተስ ናይ ምልላይ ሸውሃተይ ርሒቡ ወይ'ውን ንሱ'የም'የም ዝህዉኹኒ ኔሮም ንኹሉ ብጽሒ ብጽሒ ኢና ኢልናዮ። ኣበይ ተኣኻኺብና'ን በየን ተጓዒዝናን ከይጸረለይ ከሎ፡ ናብ ቅድሚ 800 ዓመታት ንድሕሪት ተመሊስና ኢና ዑደትና ብከቢ ረሓይታ ጀሚርናዮ። ሽዑ ካብ ርሓይታ ብዙሕ ከይርሓቕና ኣብ ሰሜናዊ ኩጀት ደው ኢለ ከላ ጀሚረ፡

"ቅድሚ 800 ዓመታት ኣብ'ዚ ቦታ ሓንቲ ዕምርቲ ናይ ንግድ ከተማ ኔራ። እዚ ትርእዮዎ ዘለኹም ኣሰራት ፍርስራስ ህንጻታት ናታ'ዩ። እዞም ኣገዳም ዓበይቲ ናይ ኣእማን መጥሓን ድማ፡ ምናልባት ብሓረምዝ ይሕሸሩ (ይዘውሩ) ኔሮም ክኾኑ ከምዝኽእሉ'ዩ ዝእመን። ከም'ዚ ዓይነት መጥሓን መጽሞቒ ሰምሰም ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ። ስለዚ ኣብ'ዚ ከባቢ ሰፊሕ ናይ ሰምሰም ሕርሻ ኔሩ ክኸውን ከምዝኽእል'ዩ ዝዝረብ። ድሕሪ ምምጻእ ምስልምና ናብ ኤርትራ፡ ፋርሳውያን ንቐይሕ ባሕሪ ኣብ ዝተቘጻጸሩሉ ግዜ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ባብ ኤል መንደብ ምስምህላዋ፡ ኣዝያ ኣገዳሲት ነቑጣ ምንባራ እውን'ዩ ዝዝረብ። እዛ ከተማ 'ሓሰረብ' ተባሂላ'ያ ትጽዋዕ ኔራ። ብኸመይ ከምዝዓነወት ግን ግምታት እንተዘይኮይኑ፡ ኪኖኡ ዝኸይድ ጭብጥ ኣሰራት የለን።

"ተቐማጦ ናይ'ዚ ከባቢ ህዝቢ ዓፋር'ዮም። ህዝቢ ዓፋር ብውዳበታትን ሰልጣናዊ ምምሕዳርን ኣዝዮም ልሉያት'ዮም። መንእሰያት ናይ'ዚ ብሄር 'ፊዕማ' ዝበሃል ናይ ምትሕግጋዝን ምክልኻልን ውዳበታት ኣለዎም። ክልተ ኣሕዋት እንተተሃልዮም፡ ሓደ ኣብ ጉጅለ ምክልኻል እንተተጸንቢሩ፡ እቲ ካልኣዩ ድማ ኣብ ውዳብ ምትሕግጋዝ ይጥርነፉ። ሰልጣን ረሓይታ ንኹሉ ተወላዲ ዓፋር ዝምልከት ኮይኑ፡ ዋላ'ውን ሰብ ቀቲልካ ናብ እንዳ ደርደር እንተኣቲኻ፡ ምሕረት ከምዝሓተትካ ስለ ዝቖጸር ዝትንክፈካ የለን። ካብ ከባቢ ርሓይታ ክሳብ ዒንጋይቶ (ከባቢ ዓሰብ) ንዝርከቡ ቀቢላታት ዓፋር ዝጥርንፍ ደርደር፡ ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ 12 ደርደራት በጺሓም ኣለው። ንዘየኾ ኣብ'ዘን ቀቢላታት ዘጋጥም ግርጭታት፡ ክሳብ ናይ ቅትለት ጉዳይ ድማ፡ ኣብ ኣብያተ ፍርድን ትካላት መንግስትን ከይበጽሑ ብደርደር ይሽምገሉ።

ከም መርኣያ ስልጣኑ ናይ'ዞም ደርደራት፡ ከም ዲካሩ፡ ሴፍ፡ ኣማኢት ዝበረ ብጥቡብ ዝተሰርሐ ዓራትን ካልኦት ቀርሲታትን ኣብ እንዳ ደርደር ተዓቚቦም ደርከቡ።"

መጋይሽተይ ንኹሉ ዛንታታት ብሓንሳብ ክሕንፍፍዎ ግዲ ተሃዊኾም፡ መራሒመኒ ክንቀሳቐሱ ጀሚሮም። ሕቶ መጓዓዝያ ዝሕተት ኣይነበረን። ኣብ መሬት ብጃልቡ፡ ኣብ ሰማይ ብበርሪ፡ ኣብ ባሕሪ ብጀመል ምጓዓዝ'ውን ዝከኣል'ዩ ኔሩ። እቲ ሕቶ ንኸትገይሸን ንኸትሰምዕን ምብጋስ ጥራይ'ዩ። ሃንደበት ከኣ ኣብ ሓደ ክንዲ እኹል ህንጻ ዝኸውን መቓብር ዓሊብና። እዚ ናይ ኣስታት ሓደ ዘመን ዕድመ ዘለዎ መቓብር፡ ምስ'ቶም ኣብ ከባቢ ናቕፋን ሸዕብ ገድገድን ዝርከቡ ቅድሚ ሰለስተ ዘመናት ዝተሃንጹ መቓብራት ዝመሳሰል ኮይኑ፡ ናይ'ቲ ኣብ መላእ ደንካልያ ኣዝዩ ዘላ ዝርከብ'ዩ።

ኣስታት 254 ደሴታትን 10 ማርሳታትን ዘጣ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ክንበጽሖ ስለዘይኽእል፡ ናብ ደሴት ሓሪፍን ማርሳ ፋጡማን ኢና ተጓዒዝና። ናብ ደሴት ሓሪፍ ዘሎቱ ባሕሪ ዕምቈት ስለ ዘይብሉ፡ ማይ ክሳብ ኣብ መዓንጣና ዝበጽሓና ብእግርና ኢና ሰጊርናዮ። ኣብ'ዛ ደሴት ተጠማቲ ነገር ዓታሩ'ዩ። ኣብ'ዚ ዓዲ ኣብ ፈቐድኡ ዘሎ መትሓዝ ማይ ዓታሩ፡ ብዕብዮቱን ዕድሜኡን መውዳድርቲ የብሉን። ኩሉ ተወላዲ ናይ'ዚ ዓዲ ስለ ዝከኸኸኖን ዕትሮ ምስባር ምስ ነውሪ ስለ ዝጽብጸብን ዓሰርተታት ዓመታት ከይተሸራረፉ ይነብሩ'ለው።

ኣብ ሓደ ማስመር ክኸውን ግዲ ደሊና ናብ ማርሳ ፋጡማ ምስ መጻእና፡ ክልተ ጥቓ ጥቓ ኮይነን ዛንታ ንምጽዋይ ኣፈን ዝኸፈታ ኣፈርቲ'የን ዝቐበላኛ። ብ1974 ዓም ዝወደቐት ናይ ኢትዮጵያ ነፈርቲ ዛንታ ክትጸዊ ትጀምር'ሞ፡ "ኪኖኺ ዝኸይድ ዛንታ'ለኒ" ብምባል፡ እታ ኣብ ጎድና ዘላ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝወደቐት ነፈርቲ ትኾልፋ። እዘን ከም ቅርሲ ዓቢ ኣገዳስነት ዘለወን ክልተ ናይ ኩናት ነፈርቲ፡ መመሊሰን እናዓዘዋ ይኸዳ ብምህላወን፡ ድሕሪ ገለ ግዜ ኣሰረን ከይጠፍእ የሰክፉኻ'የን። እዛ ማርሳ ኣብ 1912 – 17 ዓም ከምዝተሃንጸት'ዩ ዝንገረሉ።

ብድሕሪ'ዚ ኣብ ሓንቲ ፍሉይቲ ከተማ ኢና ኣቲና። ምስ ቱርካውያን ከተዋግዕ ጸኒሕካ ግብጻውያን ይኸልፉኻ፡ ብጥቡብ ቅዲ ህንጻኣም ዝምክሑ ኢጣልያውያን ኣብ ሞንጎ ምስ ኣተዉኻ ከኣ፡ ብጽባቐኣ ዝተቘጥዐ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብዘዕባ ዕንወታ ይጸውዩካ። እዛ ንፉስ ከተማ ካብ ትሽሕተት ልዕሊ 550 ዓመታት ኣቑጺራ ዘላ ከተማ፡ እትውንኖ ቅዲ ህንጻ ብዙሕን እምብር መጠን ውቁብን ብምዃኑ፡ "ዛንታ ዕንወት ምንቅጥቃጥ መሬትን ቦምባታትን እንተዘየጋጥማኸ?" ዝብል ሕቶ'ዩ ዝመጽኣካ - ከተማ ምጽዋዕ።




ብርሓይታ ዝጀመረ ጉዕዞና፡ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ዛዚምናዮ ዘይኮንናስ ኣዕሪፍናዮ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብኸንደይ ዓቕን ፍጥነትን ዓይነት መጓዓዝያን እንድዒ፡ ብዘዕባ ዳግማይ መገሻና'ኳ ከይተመያየጥና፡ ናብ ማጠሊና ተመሊስና።



ጹላዊ ሃይማኖታዊ መራሒ ዝነበረ ሸኽ ኢብራሂም ኸሊል መቓብር'ዩ። ኣብ ጥቓኡ ድማ ብ1930ታት ዝተሃንጸ መስገድን ኣስታት ሓደ ዘመን ዕድመ ዘለዎ መንበሪ ገዛን ደርከብ - ኣብ ሓውሲ ከተማ ጢዖ።

ካብኡ ንባሕሪ ገጽና ኢና ተጓዒዝና። ኣዝዩ ዕሙር ናይ ማንግሩቭ ኣግራብ ናብ ዘለዎ ገምገም ባሕሪ ኢና ኣቲና። ኣብ'ዚ ከባቢ ብዙሓት ከብቲ ልዕሊ ወዲ ሰብ ነቲ ባሕሪ እናሓንበሱ ክጨድኡ ጸኒሖምና። ነቲ ደሴታትን ባሕርን ማዕረኣን ዘስተማቕር ዘሎ ኣይመስለን። ብጉጅለ ኮይነን ሓያሎ ኪሎ ሜተራት ሓንቢሰን ኣብ'ቲ ደሴታት ይውዕላ'ሞ፡ ምሸት ባዕለን እናሓንበሳ ናብ ደንበአን ይምለሳ። እዚ ከባቢ 'ገንፈሮር' ዝበሃል ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢ'ታ ኣብ ካርታ ውጥም ኢላ እትርአ ወሽመጥ



ልዕሊ 800 ዓመት ዝገበረት ዓራት ንግስነት ርሓይታ

ትኩል ዓምዲ ታሪኽ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ዓሻ ዓሊኖር - ቅድሚ ገድሊ፣ ኣብ ገድልን ድሕሪ ገድልን

ኣደ መንበር ሃማደአ ዞባ ዓንሰባ ተጋዳሊት ዓሻ ዓሊኑር መሓመድ ኣብ 1965 ዓ.ም. ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሓውሲ ከተማ ማይ ሓባር ተወሊዳ። ስድራ ቤት ዓሻ ኣብ መጓሰን ማሕረስን ዝተመርኮሰ ማእከላይ መነባብሮ ትመርሕ ነበረት። መበቆል ዓዳ ኣብ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሓልሓል በጎስ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ እትርከብ ፋና ዝተባህለት ዓዲ ዝኾነ ዓሻ፣ ገለ ዓመታት ካብ ግዜ ንእስነታ ከም ኩላቶም ህጻናት ኣብ'ታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝነበረት ዝተወልደትላ ዓዲ እናተጻወተትን ብፍቕሪ ስድራ ቤት ተኸቢኻ ኣሕሊፋቶ። ገና ዓመት ዘይመልአት ህጻን እንከላ ወላዲኣ ብሕማም ምኽንያት ነታ ኣርባዕተ ህጻናት ክልተ ኣውዳትን ኣዋልድን ዝነበሩዋ ስድራ ኣብ 1966 ብሞት ተፈልዮዋ። ምዕባይ ቈልዑ ድማ ኣብ ዝጣን ወላዲት ዘይኑብ ፋይደን ወደቐ። ወላዲ ምስ ሞተ እታ ስድራ ንሓጺር እዋን ጥራይ'ያ ብዘይጸገም ተሳልያ። ብሰንኪ ሞት ኣቦ ዝለመደቶ ዝሰኣነት ስድራ ቤት ምስ ጸገማት ምቅላስ ግድነት ኰነ። እታ ሕማቕን ጽቡቕን ዘይትፈሊ ህጻን ዝነበረት ዓሻ ድማ ህጻንነታ ኩብደት ናብራ እናንጸላለዋ ምስ ስድራ ቤታ ቀጸለት። እታ ካብ እሳት ገድሊ ውጽእ መዓት ኩይና ናጽነት ክትርኢ ዝበቕዐት ኣደ መንበር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ዓሻ ዓሊኑር ካብ ምፍጣራ ክሳብ ሕጂ ዝሓለፈቶ ህይወት ብገዛእ ልሳና ተዘንትዎ። 1ይ ክፋሉ እነሆ።

ኣቦይ ብሂወት ክሳብ ዝነበረሉ እዋኑ ኣብ መነባብሮ ጸገም ኣይነበረናን። ወላ'ኳ ኣነን ኣሕዋተይን ኣሓተይን ናእሽቱ እንተነበርና ወላዲና ኣብ ሕርሻን ጥሪትን ሃለኽለኽ እናበለ ብዓበይቲ ይኣልየናን የዕብየናን ከም ዝነበረ ብዘኽንታ እፈልጦ'የ። እቶም ዕበይ ዝበሉ ኣሕዋተይ ድማ ኣብ መጓሰ እናተሓጋገዙ ዝዓቕሞም ይገብሩ ነበሩ። ምውቕ ዝኾነ ስድራ ቤታዊ ሂወት እናመራሕና ከለና ግን ኣቦይ ኣነ ዓመት ኣብ ዘይመላእኩሉ ዕድመ ብሕማም ተሰኒፉ ብሞት ተፈልዩና። ሳላ ኣቦና ዝገደፈልና መሬትን ጥሪትን ከኣ ንዝተወሰነ እዋን ሂወትና ብዘይ ጸገም ቀጺሉ። ኩላትና ኣሕዋት ህጻናት ስለ ዝነበርና፣ ኩሉ ሓላፍነት ናብ ኣደይ ተጠቕሊሉ። ድሕሪ ሞት ኣቦና ብዘገጠመና ናይ ናብራ ሰንከልከል፣ ንሓጺር እዋን ጥራይ ኢና ርጉእ ናብራ ክንመርሕ ዝኸኣልና።

ኣቦና ካብ ዝዋርና ነዊሕ ከይጸናሕና፣ ኣብ'ቲ ዝገደፈልና ናይ ሕርሻ መሬት ናይ ዋንነት ክርክር ተፈጢሩ። መነባብሮና ኣብኡ ዝተመስረተ ብምዃኑ ጉዳይ መሬት ንስድራና ናይ ጎረሮ ሕቶ'ዩ ነይሩ። ኣደይ ዋንነት ናይ መሬት ንኸተረጋግጽ ሳዕልን ታሕትን እናበለት ኣብ ምጉት ተጸምደት። ንመሳለጢ ገዛውብ የድልያ ስለ ዝነበረ፣ ስልማታ ሸይጣ ምስ ወደአት፣ ንገለ ካብ'ተን ሕሉብናን ንጸፍናን ዝኾና ጥሪት ቡበእዋኑ ክትሸይጥ ተገደደት። ብኸም'ዚ ትሕዝቶ ገዛና ሰለሎ ምስ ኣተወ፣ ድኽነትን ዝኽትምናን ተተሓሒዘን ናብ ገዛና ኣትየን። ናብራና ብሽግር ዝተኸበበ ኰይኑ። ኣደይ ኣርባዕተ ህጻናት ውሉድ ሒዛ ምስ ናብራ ተቓለሰት። ትሕዝቶና መመሊሱ እናንቆልቆለ ከይዱ። ድሕሪ ገለ ዓመታት፣ ክልተ ዓበይቲ ኣሕዋተይ ብዓቕሞም ሰሪሖም ንክኣልዩና፣ እቲ ሓደ ኣብ ናይ ጥልያን ጀርዲን ሰራሕ ክጅምር ከሎ፣ እቲ ካልኣይ እውን ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ተቖጺሩ። በዚን ንኡዮም ሰራሖም ዝረኽብወን ቁንጣሮ እቶት ናብራ ተተሓሓዝናዮ። ጸኒሑ እውን ሳልሳይ ሓወይ ኣብ ምጽዓን ሑጻ ስራሕ ጀመረ። ናብራና ንኸነማጥሕ ንድኽነት ብዝኸኣልና ዓቕሚ ተቓለስናያ። ብስራሕ ሂወትና ንኽንመርሕ ሳዕልን ታሕትን ምባልና ንትምህርቲ ዝኸውን ግዜ ኣይተረኽበን። ኩላትና ኣሕዋት ናይ ትምህርቲ ዕድልና ተዓንቂፉ።

ክሳብ ጓል 13 ዓመት ዝኸውን ተፈታውን ተዘካርን ናይ ንእስነት ሂወት ኣሕሊፈ'የ። ምስ መታዓብይተይ እናተጻወትኩን እናሓምበስኩን ዝሕለፍኩዎ ምቁር ናይ ንእስነት እዋን ዝርስዖ ኣይኮንኩን። ንእሽቶይ ኈኻ ደኣ ኣይተሰተብህለሉን ኢኻ እምበር ኣብ ማይ ሓባር ምስ ደቂ ጦር ሰራዊት ብዙሕ ባእስን ዘይምስናይን ነይሩና። ወላ'ኳ ህጻናት እንተ ነበርና፣ ምስኦ'ቶም ዘዋሩ ኽብ ወይ ዝፈላለ ገለ ነገር ከም ዘሎ ይርድኣና ነይሩ። ንኣቶም እውን 'ግሩፖ' ኩይናም ክጸብኡና፣ ክዛርሙናን ክበኣሱናን'ዮም ዝፍትኑ ዝነበሩ። ናብ ማይ ይኸዱን ናብ ካልእ ስራሕ ኣብ እንወፍረሉን እንምለሰሉን እዋኑ ኣብ መንገዲ እናኾተሩ ነገር ይደልዩ። ኣቦታቶም ሰብ ብረትን ሰብ ግዜን ብምዃኖም ክዘርዩሎም ከም ዝኾኑ ኣሚናም'ዮም ከም ድላዮም ክኾኑ ዝደልዩ። ኩይኑ ግን ንሕና ሓንቲ መዓልቲ እውን ተመሊኽናሎም ኣይንፈልጥን።

ኣብ ዝነበርኩሉ ሕብረተሰብ ኣይፍቶንዩ ደኣ'ምበር፣ ወደ ወዶ ባህሪ'ዩ ነይሩኒ። እቶም ኣብ ካምፖ ማይ ሓባር ዝነበሩ ደቂ ጦር ሰራዊት የሸግሩና ኣብ ዝነበሩሉ እዋን እበኣስ ነይረ። ምስ ደቂ ኣምሓሩ ንበኣሰሉ ዝነበርና እዋን ዘዘክር ኣሰር እውን ኣሎኒ። ሓደ ግዜ ብገለ ምኽንያት ባእሲ ምስ ተላዕለ፣ ነቲ ወዲ ወታሃደር ግርም ገይረ ደግዲገዮ። ሰብ ተኣኪቡ እናገላገለ ከሎ፣ ኣዘንጊዑ እምኒ ብምድርባይ ስኑይ ሃሪመዮ። ብእኡ ምህራመይ ኣመና ስለ ዘሕረቖኒ ተሃሪመ ክኸይድ ኣይተዋሕጠለይን። ካብ'ቶም ሰቡት ኣምሊጠ እንደገና ቀጥቂጠ ደም ብደም ከም ዝኸውን ገበርኩዎ። ሽዑ ሕነይ ስለ ዝፈደኹ ቀሲነ ናብ ገዛይ ኣምሪሐ። ኣደኡ ወደይ ተሃሪሙኒ እናበለት ካብ ካምፖ ናይ'ቶም ወታሃደራት ክትሰምዕ ኢላ ናብ ገዛና መጺኣ። ኣነ እውን ከም ዝተሃረምኩ ስኑይ ምስ ኣርኣኹዋ ግን "በሉ ኣይትበኣሱ ኢላትኒ ተመሊሳ። እታ ሽዑ ብእምኒ ዝተሃረምኩዋ ስኑይ ጸሊማ ስለ ዝተረፈት ክሳብ ሕጂ ኑቲ እዋን ተዘኻኽረኒ ኣላ። ምስ ደቂ ወታሃደራት ኣብ ባእስን ነገርን ኢና ሕሊፍናዮ። ብገዛእ ዓድና ቀሳኑት ክኸልኡና'ዮም ሀርደግ ዝበሉ ዝነበሩ።

ከም'ዚ ኢልና እናንነበርና ዕግርግር ኩይኑ። እቲ እዋን ዳርጋ ኣብምሉእ ኤርትራ ሕማቕ ኩነታት ዝነበረሉ እዩ። ኣብ ማይ ሓባር ከኣ ሞትን ማእሰርትን ዝበዝሓሉ እዋን ነይሩ። መዓልታዊ ወላሓንቲ ዝጠን ዘይብሎም መንእሰያት ካብ መንጎ ስድራ ቤቶምን መተዓብይቶምን እናተጨውዩ መእተዊኦም ከይተፈልጠ ክጠፍኡ ጀሚሮም። ብዙሓት እውን ይቕተሉ ከም ዝነበሩ ብወረ እሰምዕ ነይረ። ወላ'ኳ ንዓይን ንኸም'ዚ ከማይን ክሳብ ክንድኡ ይርድኣና እንተ ዘይነበረ፣ ዓዲ ምልእቲ ግን ኣብ ፍርሒ'ያ ነይራ። ብፍላይ ኣብ'ታ ዳሕረወይቲ ሰሙን ብዙሓት መንእሰያት ብጾላኢ ዝተረሸኑሉ ግዜ'ዩ ነይሩ።

ድሕር'ዚ ምጽባይ ብዘይካ ኑበሰኻ ምቕታል ካልእ ፋይዳ ስለ ዘይነበሮ እታ ዓዲ ብምልእታ ክትሃድም'ያ ኣንቂዳ። ንሕና እውን ከም ሰብና ካብ ማይ ሓባር ክንወጽእ ነይሩና። ይዝከረኒ ካብ ማይ ሓባር ክንወጽእ ምስ ኾልና፣ ጾላኢ ምእንቲ ከይግምተና፣ ኣነ ናብ ሕጻቦ ከም ዝኸይድኩ ኣምሲለ ነቲ ናይ ገዛና ክዳውንቲ ኣብ ጥስቲ ገይረ ካብ'ቲ ዓዲ ወጻኢ ኣሉ ኣብ ዝነበረ ጀርዲን ወሲደዮ። ንኻልኣይ ግዜ ተመሊሰ ድማ ናይ እንዳ ኣኮይ ብኸም'ኡ መንገዲ ኣውጺአዮ። ምልእቲ ዓዲ ብጠዘጥዓማ መንገዲ'ያ ትሃድም ነይራ። ኣነን ኣደይን ተታሓሒዝና ገዛና ንመውጻእታ እዋን ገዲፍናያ ንዓላ ገጽና ነቒልና። ኣሕዋተይ ኣብ ስራሕ ምስ ነበሩ ምሳና ከይተራኸቡ ቡበኣንፎም እዮም ሃዲሞም። ዓዲ ኣብ ሓደ እዋን በረውረው ኢላ። ወርሐን ዕለቱን ክዝክሮ እንተ ዘይከኣልኩ'ኳ፣ ኣብ ፈለማ 1976 እዩ ዝነበረ። እታ ኣቐዲማ ንኽትጋደል ኢላ ሳልሳይ ርእሳ ዝወጸኣት ምዕባይ ሓፍተይ፣ ናእሽቱ ኢኽነ ኢሎም ኣብኡ ሐሆማ ምስ ጸንሑ ንሕና ዓላ ምስ ኣተና ምሳና ተሓዊሳ።

ውድብ ህዝባዊ ግንባር ነቲ ኩሉ ሃዲሙ ዓላ ዝኣተወ ህዝቢ ክልተ ማራጺታት ሂቡ። ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ክዕቆብ ዝደለየ ብውድብ እናተኣለየ ኣብ'ቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዘዳለወሉ ቦታ ክዕቆብ፣ ኣብ ካልእ ዝመረጾ ቦታ ክቕመጥ ዝደለየ ድማ ከም ምርጫኡ ኣብ ደስ ዝበሎ ሓራ መሬት ክነብር ዝብል ምርጫ'ዩ ነይሩ። ገለ ስድራ ቤታት መጻምዲ ረኺበን ኣብ ዘዘጥዕመን ቦታ ክሰፍራ ከለዋ ገለ ድማ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ክዕቆባ መሪጸን። ስድራና ድማ ናብ እንኽዶ መዕቆቢ ስለ ዘይነበረና ኣብ ትሕቲ ጽላል ህዝባዊ ግንባር ክንዕቆብ መሪጽና።



# ጥዕና

ዶ/ር ኪዳን ተኽላይ

# ትውልዳዊ ኣበር ልቢ



ዋህዮታት ልቢ ካብ ሳልሳይ ሰሙን ድሕሪ ምጥንስ ደቂ ኣብሉ ይጀምር። ብዝተፈላለዩ መድረኻት ድሕሪ ምሕላፍ ከኣ ትጭብጦን ትዝርጋሕን ልቢ ብምውናን ዕቤል ናብዛ ምድሪ ይቕልቀል። ዕቤል ኣብ ውሽጢ ማህጸን ኣደኡ ኣብ ዝምዕበለሉ እዋን ብዝኾነ ምኽንያት ከምቲ ግቡእ ምስ ዘይምዕበል ትውልዳዊ ኣበር ሒዙ ክውለድ ይርአ'ዩ። ትውልዳዊ ኣበር ኣብ ብዙሕ ህዋሳት ወይ ክፋላት ኣካላት ኪጋጥም ይኽእል። ኣብዚ ጽሑፍ ብዛዕባ ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ቀሪቡ ኣሎ።

ሓደ ህጻን ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ኣለዎ ምስ ዝበሃል፡ እዚ ህጻን ኣብ ቅርጺ/መሽከል ናይ ልቡ ገለ ጸገም ሒዙ ተወሊዱ ኣሎ ማለት'ዩ። ገለ ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ፈኲሳትን ብዘይ ሕክምናዊ ሓገዝ ባዕሎም ክሓውዩ ዝኽእሉን ክኾኑ ከለዉ፡ ካልኦት ከኣ ተሓላለኽትን ብዙሕ ሕክምናዊ ሓገዝ - ክሳብ መጥባሕታዊ ምትዕርራያት ዝደልዩን'የም።

ምልክታት ከቢድ ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ሽዑ ድሕሪ ሕርሲ ወይ ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ ዕድመ ህጻን ብሩህ ይኾኑ። ምልክታት ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ይመስሉ፦ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ ብቕልጡፍ ምስትንፋስ/ ኣብ እዋን ምስትንፋስ ዘይንቡር ድምጺ ምስማዕ፡ ብምስሓግን ክግለጽ ይኽእል። ሕጽረት ምስትንፋስ እዋን ምጥባው ወይ ምምጋብ ዝያዳ ይርኣ፡ ህጻን ስለዝደኽም ብዙሖኡ ኣይጠቡን/ኣይምገብን ይርህጽን ከበደኡ ይርኣን። ብኸምዚ ከኣ ሚዛኑ ከምቲ ዝድለ ኣይቕጽልን ወይ ወን ክጎድል ይርኣ። ሕበጥ ኣብ ኣእጋር ከብዲ ወይውን ምጽዛዝ ኣዒንቲ'ውን ካብ ምልክታት ምጥቃስ ይከኣል።

ኣበር ልቢ ፈኲስ ምስ ዝኸውን ግን እዞም ዝተጠቕሱ ምልክታት ከይርኣዩ ይኽእሉ'የም። ህጻን እናዓበየ ምስ ዝኸይድ ከኣ ጸኒሖም ኣብ እዋን ቁልዕነት ክኽሰቱ ይኽእሉ። ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ፈኲስ ምስ ዝኸውን ድማ ሓፈሻዊ ድኻም ኣካላት፡ ሕጽረት ምስትንፋስ ብፍላይ ኣብ እዋን ኣካላዊ ንጥፈታት ወይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ቀልጢፍካ ምድካም ኣብ እዋን ኣካላዊ ምውስዋስ ወይ ስራሕ፡ ሕበጥ ኣብ ኣእጋር ክርአዩ ዝኽእሉ ምልክታት'የም።

ልቢ ኣርባዕተ ዓበይቲ ክፋላት ኣለዋ። የማናይ መጠራቕሚ፡ የማናይ መናሃሪ፡ ከምኡ'ውን ጸጋማይ መጠራቕሚ፡ ጸጋማይ መናሃሪ ከኣ ይብሃሉ። ልቢ፡ ደም ካብን ናብን ዘመሓላልፋ ኣርባዕተ መሳኹቲ ትውንን። ደም ካብ መላእ ኣካላት ዝመልሱን ናብ መላእ ኣካላት ዝዕድሉን ዓበይቲ ሰራውር ደም ከምኡ'ውን ንዝኢ ርእሳ ዝቕልቡ ደቀቕቲ ሰራውር ደም ይርከባ። ልቢ ካብ መላእ ኣካላት ንዝመጸ ደም ናብ መላእ ኣካላት ክትዝርግሖ ብምኽኣሉ ስርሓ ቀንዲ ህዋስ ናይ ስርዓት ዝረት ደም እያ። የማናይ ክፋል ልቢ፡ ደም ናብ ሰናቡእ ይጭምትዎ፡ ኣብ ሰናቡእ ደም፡ ኦክስጅን ተሰኪሙ ናብ ጸጋማይ ክፋል ልቢ ይምለስ'ሞ፡ ካብዚ ጸጋማይ ክፋል ልቢ እዚ ኦክስጅን ዝሓዘለ ደም ብኣኦርታ ዝበሃል ዝዓበየ ሱር ደም ናብ መላእ ኣካላት ይጭምቖ።

ኣብ ከብዲ 6ይ ሰሙኑ ዕድመ ጥንሲ፡ ልቢ ቅርጻ ክትሕዝን ህርመት ትጀምርን። እቶም ዓበይቲ ሰራውር ደም ካብን ናብን ልቢ ዝበሉ ከኣ ካብዚ እዋን ኣትሒዞም ክቐሙ ይጀምሩ። ኣብዚ እዋን እዚ'ዩ ዝኾነ ምኽንያት ምስ ዘጋጥም ኣበር ልቢ ክምዕበል ዝኽእል። ዝበዝሐ ጠንቂ ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ብልክዕ ንጹር ኣይፍለጥን። ይኹን'ምበር፡ ጅነቲካዊ፡ ገለ ገለ መድሃኒታት (ኣብ ግዜ ጥንሲ ምስ ዝውሰዱ)፡ ገለ ገለ ሕማማት (ሕማም ሽኮር)፡ ኣከባብያዊ ጽልዋ ከም ምትካኽ፡ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝኣመሰሉ ተራ ክህልዎም ይኽእል። ዳውን ሲንድሮም ዘለዎም ህጻናት ከኣ ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ናይ ምህላው ልዑል ተኽእሎ'ለዎ።

ዝተፈላለዩ ዓይነት ትውልዳዊ ኣበር ልቢ ኣለዉ። ብሓፈሻ ከኣ ካብዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ፦

ቀዳድ ኣብ ልቢ፡ ኣብ ሞንጎ መጠራቕምትን መናሃርትን ወይ ኣብ ሞንጎ ዓበይቲ ሰራውር ደም ክቡር ዘይግዝብኦ ቀዳድ ወይ ነኻል ምስ ዝፍጠር። እዚ ቀዳዳት ዝረት ደም ዘይንቡር ንክኸውን ይገብሮ'ሞ፡ ኦክስጅን ዘይሓዘ ደም ምስ ኦክስጅን ዝሓዘ ደም ይተሓዋወስ። እዚ ነኻል ዓቢ ምስ ዝኸውን፡ እዚ ዘይንቡር ምትሕውዋስ ደም ምስ ዘውሰኽን፡ ዝረት ደም ንኣካላት ዘይእኹል ኦክስጅን ክዕድልን ይገብሮ። እኹል ኦክስጅን ምስ ዘይርከብ ከኣ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምልክታት ክርአዩ ይኽእሉ።

ዋሕዚ ደም ምስትዝዕጋት፡ ብሰንኪ ትውሉዳዊ ኣበር፡ መሳኹቲ ልቢ ኣፍደገ ዓበይቲ ሰራውር ደም ልቢ ምስ ዝጸቢ፡ እዚ ምጽባብ ኣፍደገ ዓበይቲ ሻምብቆታት ልቢ ናብ ሳንቡእ ዝኸዱ ወይ ናብ መላእ ኣካላት ልቢ ዝዝርግሕ ኣኦርታ ክኸውን ይኽእል። እዚ ምጽባብ ከኣ ንልቢ ኣበርቲዓ ከምትሰርሕ የገድዳ'ሞ፡ ምስ ግዜ ናብ ድኻም ልቢ ክምዕበል ይኽእል።

ምግልባጥ ሰራውር ደም፦ ዘይንቡር ሰራውር ደም ልቢ ሓደ ካብ ከበድቲ ትውልዳዊ ኣበራት ልቢ'ዩ። እዚ ከኣ ናብ ሰናቡእ ክኣቱ ዝግብኦ ኦክስጅን ዘይሓዘለ ናብ መላእ ኣካላት፡ ኦክስጅን ዝሓዘለ ደም ከኣ ናብ ሰናቡእ ጥራይ ክዘውር ከሎ ማለት'ዩ።

እዞም ኣበራት እዚኦቶምን ካልኦትን ብሓባር ኣብ ዘጋጥምሉ ብርታዕ ናይቲ ተፍጥሮኣዊ ኣበር ይዛይድ።

ሳዕቤናት ናይዞም ትውሉዳዊ ኣበራት ከከም ዓይነቶምን ብርታዖምን ካብ ቅጽበታዊ ሞት፡ ሕክምናዊ ሓገዝ ምስ ዘይግበር ድማ ናብ ድኻም ልቢን ሳዕቤናቱን የምርሑ። ንተደጋጋሚ ረኽሲ ሳዕለዋይ ሻምብቆታት ኣየር ከኣ ነድሪ ሳምቡእ ምቕላዕ ትሑት ሚዛንን ዓቐን፡ ልዑል ተኽእሎ ረኽሲ ጭዋዳ ልቢ ካብ ክጥቀሱ ዝኽእሉ ሓልኽታት ናይዚ ኣበር'የም። ህጻን ብሕማም ድሩት ምስ ዝኸውን ኣብ ንዕኡን ወለዱን ዘምጽኦም ስነኣእምራዊ ጸቕጢ ወን ብቐሊል ዘይርአ ሓልኪ'ዩ።

# ባዕላዊ ፍወሳ ሰእነት-ድቃስ

- ክዕርፍ ኣሎኒ ኣብ እትብሉ ጥራይ ምድቃስ፡ እዚ ካብ ዘይተደልየ ሰእነት ድቃስን ኣብ ዓራት ግዜ ካብ ምብኻንን ይሕግዝ።
- ጥሜት እናተሰመዓካ ምድቃስ ዘይምፍታን። ኣብ ግዜ ቀትሪ ኣይትደቅሱ፡ ክሻቕሉኻ ዝኽእሉ ነገራት ዘትዩሎም፡ ስፖርት ኣዘውትሩ፡ ስፖርት ን30 ደቓይቕ ዝኸውን 4-5 ሰዓታት ቅድሚ ናብ ዓራት ምድያብ ክኸውን ይግባእ።
- ንብሸኻ ክትድቅስ ኣይተገድዱ፡ ኣብ ውሽጢ 20 ደቓይቕ ድቃስ ምስ ዘይወስደካ ካብ ዓራት ተንሲእካ ዝኾነ ክተንብብ ወይ ዝኾነ ንጥፈት ክትካይድ ፈትን። እዚ ግን መለሱ ዘርብርካ ክኸውን የብሉን። ንኣብነት ምብላዕ ትፈትዎ መጽሓፍ ምንባብ፡ ንፈትና ኣልካ መጽሓፍ ምንባብ፡ ትፈትዎ ፊልም ምርኣይ። እዚኦቶም መለሶም ከበራብሩኻ ስለ ዝኽእሉ ኣወግዶም። እንደገና ኣብ ውሽጢ 20 ደቓይቕ ምስ ዘይትዕወት፡ ነቲ መስርሕ ድገሞ። ከቶቓቕሑ ዝኽእሉ ከም ኮኮላ፡ ቡን፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ሽጋራ ዝኣመሰሉ ካብ ምውሳድ ምቁጣብ። ገለ ሰባት ንኣልኮላዊ መስተ ከም መደቀሲ ይወስድዎ። እንተኾነ ኣልኮላዊ መስተ ጽሬት ካብ ድቃስ የበራብር'ዩ። ንዋዕሕ እዋን ምስተዘቕጸል ከኣ ወልፊ ናይ ኣልኮል ይምዕበል'ሞ፡ ብዘይ ኣልኮላዊ መስተ ክትድቅስ ናብ ዘይትኽእለሉ ኩነታት ይምዕበል።
- ስሩዕ ናይ ድቃስ ሰሌዳ ምምዕባል። (ኣብ ፍሉጥ ግዜ ደቂስካ ኣብ ፍሉጥ ግዜ ናይ ምትንሳእ ባህሪ ኣማዕብል) ናይ ሰዓት ናይ ማበራበሪ ደወል ወይ 'ኣላርም' ብምጥቃም ኣብ ፍሉጥ ግዜ ክትንስእ ይከኣል'ዩ። እዚ ባህሪዚ ዋላ ኣብ እዋን ዕረፍቲ (ቀዳመ-ሰንበት) ክኸውን ይግባእ።



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃልትን ወሃብቲ መልስን ብዘሎ ናይ ውርሻ ምክፍፋል፡ ካብ ወሃብቲ መልሲ 1.ኣቶ ዮናስ ዮውሃንስ 2.ኣቶ ኣስራሰይ ዮሃንስ 3.ወ/ሮ ፋና ተወልደ 4.ወ/ሮ ኣስካሉ ገብረልኡል 5.ኣቶ ኀይትኦም ተስፋማርያም 6.ኣቶ ዳኒኤል ሓድጉ ን6/10/14 ሰዓት 8፡00 ናይ ንግሆ ኣብ ላ/ቤ/ፍ 2ይ መጋባኣያ ቁ.29 ይቕረቡ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ምስ ዘይቀርቡ ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

1.ኣቶ ሳሙኤል ኪዳነ ሃብተሚካኤል 2.ወ/ሮ ሓጉሽ ገብረኣነንያ ተኽለሃይማኖት ናይ ትሕቲ ዕድመ ስም ጓልና ሜሪ ዳኒኤል ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ ሜሪ ሳሙኤል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ገብረዮውሃንስ ኣፈወርቂ የማነ ምባል ተሪፉ፡ ዮውሃንስ ኣፈወርቂ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ተኽለ ስምኦን ደሪ ምባል ተሪፉ፡ ርእሶም ገብሪሂወት ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

ኣቶ ሳምሶም ዓንደብርሃን ሃይለ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሄቨን በየነ ገብርኣብ ካባይ ካብ ትፍለ ዓመት ጌሩ ከምዚ ኢለ ክነብር ስለዘይክእል ናብ ቤት ዘመድ ሽማግለ ይመርሓለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሌ/ኮ ሰናይት ኣስገዶም ግርማይ፡ ኣቦና ኣስገዶም ግርማይ ትኩእ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይን 1 መዋቲ ሓወይ 2 ተተካእቲ ደቁን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሌ/ኮ ሰናይት ኣስገዶም ግርማይ፡ ኣሞና ወ/ሮ ካሱ ግርማይ ትኩእ ኣብ ቤ/ፍ ቀሪባ ንዓይ ምስ 1.ሰላም ኣለምሰገድ 2.ግደይ ተወልደ ኣብ ዞባ 9 ምም/04 (ገዛ ከንሻ) ዘርከብ ገዛ ለበዋ ስለዝገደፈትልና ጸዲቑ ናብ ሽምና ክመሓላለፈልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ት ማርታ ፍጹም የማነ፡ ወላዲና ኣቶ ፍጹም የማነ ተኽለ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ሰዓት 8፡00 ንግሆ ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተጋ/ፍጹም ተወልደ በራኺ፡ ወላዲና ኣቶ ተወልደ በራኺ ከምኡ'ውን ወላዲትና ወ/ሮ ይሕደጋ ኣስፍሃ ገብሩ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ሰዓት 8፡00 ንግሆ ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

መሓመድዓሊ ሓጅዛይድ ገብረረቢ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድዓሊ ዛይድ ገብረረቢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከረን ከባቢ 02

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልጋነሽ ተኽሉ ክፍሎም፡ ተኸሳሲ ኣቶ እስቲፋኖስ ተስፋኣለም ንጉስ ኣብ ልዕሌኻ ናይ ሓዳር ክሲ መስሪታ ስለዘላ፡ ን24/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ምስዘይቀርብ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ብርኩት

ወ/ሮ ዘመደይ ወልደሚካኤል መሸሻ፡ ወደይ ተኽለ ጸጋይ ተስፋሚካኤል ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ሞግዚት ኮይነ ጓሉ ልዋም ተኽለ ጸጋይ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ብሌን ኮማ

ወ/ሮ ሰለማዊት ርእሶም ገብረዮውሃንስ ኀይትኦም ወድና፡ ርእሶም ገብረዮውሃንስ ኀይትኦም ስለዝሞተ፡ ንሕና 2 ድቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ዞባ ሰላም

መሓመድ እድሪስ ያቀብ፡ ተጸዋዒ ባህልቢ ገብረስላሴ መኪና ER-3-06961 ገልባጢት ዝኾነት ብ2010 ብ60,000 (ሱሳ ሽሕ) ናቕፋ ዝገዛእኩ ኮይነ፡ እንተኾነ ተኸሳሲ ዋንነት መኪና ናብ ስመይ ከየሰጋገረለይ ብዘይሕጋዊ መንጋዲ ካብ'ዚ ሃገር ወጻኢ ስለዝኸደ ወይ ወኪል እየ በሃሊ ይቕረበለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ቤ/ፍ ኣብ ዘየለኹምሉ ጉዳይኩም ክረአ ምዃኑ ይሕብር።

## ብስራት ንተመሃሮ 1ይ ዓመት ኮለጃት

ኣብ ካልኩላስ (ማተማቲክስ)፡ ከሚስትሪን ፊዚክስን ንኽትዕወቱ፡
ነዘን 3 ኣገደስቲ መጻሕፍቲ ተጠቐሙ።

FUNDAMENTAL CALCULUS by Hanibal Tekeste

COLLEGE CHEMISTRY by Ghirmay Araya

COLLEGE PHYSICS by Solomon W/gaber


**ትሕዝቶ መጻሕፍቲ**


- ✓ ብሩህ መግለጺ ኣምራት
- ✓ እተፈላለዩ ኣብነታት
- ✓ እተፈትሑ ግድላት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

**ጥቕሚ መጻሕፍቲ**

- ➢ መምሃሪ
- ➢ መወከሲ
- ➢ መለማመዲ
- ➢ መገምገሚ
- ➢ መዳለዊ ንወሰንቲ ፈተናታት
- ➢ መሰረት ንዝለዓለ ትምህርቲ

**ሓገዝቲ፡ ወሰንትን ኣጠቓለልትን መጻሕፍት!**







ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሐናልኩም ኣለዋ።
ንሓበሬታ፥ 07237770 /07269756 / 07142402

## ዝድለ ዓይነት ረቛሒታት

ዓይነት ስራሕ ---------------- ማሽን ኦፕረይተር
ብዝሒ ------------------------ 1 (ሓደ)
ዜግነት ------------------------ ኤርትራዊ
ትምህርቲ ደረጃ ------------- ዲፕሎማ ካብ ተክኒካል ኮለጅ (ኤለትሪክ ወይ ኤለትሮኒክ) ዝተመረቐ
ጾታ ---------------------------- ተባዕታይ
ዕድመ ---------------------- 25 – 50
ናይ ስራሕ ልምዲ --------- ብውሑዱ ናይ ሓደ ዓመት ልምዲ ስራሕ ዘለዎ
ስራሕ ቦታ ----------------- ፋብሪካ ጸባ ኣስመራ ብ/ማ
ደሞዝ ---------------------- ብስምምዕ

ፋ.ጸ.ኣ.ብ/ማ

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ቤት ትምህርቲ ዓወት ናይ ህዝቢ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ን2014 – 2015 ዓ/ት ኣብ ዘለዎ ክፉት ቦታ፡ ብመምህርነት ስራሕ ዝገልግሉ ኣወዳዲሩ ክቆጽር ስለዝደለየ፡ ነዚ ዝስዕብ መምዘኒታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ምስ ናይ ትምህርትን ስራሕን መረጋገጽታቶም ኦርጂናል ምስ ፎቶ ኮፒ፡ ብደብዳቤ ተሰንዩ፡ ግዱሳት ኣብ ጋ/ሓ/ኤ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ናብ ቤ/ጽና ብኣካል ክተቕርቡ ይዕድም።

ሰዓታት ምዝገባ ቅ/ቀ ካብ 8፡30 – 10፡30 ይኸውን።
ዝድልዩ መምዘኒታት
1ይ. ንናይ ቀለም መማህራን (ሓፈሻዊ ትምህርቲ) ደረጃ ትምህርቲ 12+2 ወይ 12+ቲትኣይን፡ ከምኡ'ውን ንማእከላይ ደረጃ ናይ ስፖርት መምህር ደረጃ ትምህርቲ 12+2 ዲፕሎም ዘለዎም፡ ጾታ ኣይፈልን፡ ዕድመ ትሕቲ 45 ዓመት፡ ደሞዝ ብናይ ቤት/ትም ስኬል መጀመሪ 1,730 ናቕፋ።
2ይ. ንማእከላይ ደረጃ ናይ ኮምፒዩተር መምህር ደረጃ ትምህርቲ 12+2 ኮይኑ ብናይ ኮምፒዩተር መምህር ወረቐት ምስክር ዘለዎ፡ ደሞዝ ብስምምዕ።

መተሓሳሰቢ
1ይ. ኣመልከትቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡኦም ዝፈጸሙ ወይ ዘይምልከቶም ምሉእ ጥዕና ዘለዎም።
2ይ. ናይ ምምህርና ክእለትን ተመኩሮን ካብ 5 ዓመት ንላዕሊ ዘለዎም ብቐዳምነት ክምረጹ ይኽእሉ።

ቤት/ትም ዓወት ናይ ህዝቢ መ/ማ/ደ
ኣስመራ

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ኤሪኢኩፕ ፓሌት ጣዋሉን፡ ዝኣረገ ኀማን፡ ባትርን ብጨረታ ክሸይጥ ስለዝደለየ ግዱሳት ዝኾኑ መጺኦም ነቲ ንብረት ብኣካል ተዓዚቦም ወፈየኦም ብዕሹግ ሰታሪት ክቕርቡ ይዕድም።

ኣድራሻና፦ ኀደና ተጋደልቲ 752 (ከባቢ ባር ጅማ)

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ዛይድ ተኽለየስ ይሕደጎ 2.ሃይማኖት ተኽለየስ ይሕደጎ ወላዲትና ወ/ሮ ብሪ ሃይለ ወልደገብሪኤል ብሂወት ከላ ኣብ ኣስመራ ዞባ ማእከል ዞባ 4 ምም/08 ፕሎት ቁ.6 ፓርሰል 18 ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት 3 ተሰሪሕዎ ዝርከብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 119572 መወከሲ ቁጽሪ 124906 ዝሓዘ ገዛ ፍርቂ ብጽሒታ ብህያብ ስለዝሃበትና ህያብ ይጽደቐልና ስለዝበላ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሶፍያ ገብረልኡል ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ሰላማዊት ገብረልኡል ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዮውሃንስ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ጽገሃንስ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኣባጋብር 1. ኣቶ ሓጎስ ገብረጻድቕ 2.ኣቶ ተስፋማርያም ረዳእ 3. ኣቶ መሓሪ ተወልደ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመላሽ ካሕሳይ ብሩ፡ ዘሎ ናይ ገንዘብ ጉዳይ ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመላሽ ካሕሳይ ብሩ ን23/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ዓብደላ እስማዒል መስመር ኣድም፡ ምባል ተሪፉ፡ ዓብደላ መሓመድ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኩዶ ፈላሲ

ኣቶ ዳኒኤል ኣብርሃ ኣርኣያ፡ ኣደና ቢዘን ወልደስላሴ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኧንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይጎድፍ

ወ/ሮ ትንሴኤ ቴድሮስ ሃብተገርግስ፡ በዓል ቤተይ ብርሃነ የውሃንስ ሃይሉ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 8 ደቀይ ወረስቲ ምኧንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ብስም ወ/ሮ ኣበባ ኣብረሃ ዝተመዝገበ 6 ብርክታት ዝሓዘ ብቑ/መዝገብ 253/A ዝፍለጥ ናይ ማሕበር ኣውቶቡስ ሳታየ ዋንነት ብርኪ (SHARE CERTFICATE) ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ሞባይል 07123823 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ካብ ትካል ሳታየን ብጾቱን ናይ (ሞጓዓዝያ) ብርኪ ማሕበር መተካእታ ዋንነት ምስክር ወረቐት (SHARE CERTFICATE) ክሓትት ምኧነይ የፍልጥ።

ኣልማዝ ዛይድ
(ሕጋዊት ወራሲት ነፍ/ ወ/ሮ ኣበባ ኣብረሃ)

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ሊሎ ትራንስፖርት ሰራሕተኛታት ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ መምዘኒ ነጥብታት ዘማልኡ ደለይቲ ስራሕ ሰነዳቶም ሒዞም ክቐርቡ ንሕብር።

| | |
|---|---|
| 1. መደብ ስራሕ | ሰንየር ኣካውንታንት |
| 2. ጾታ | ኣይፈልን |
| 3. ዕድመ | ካብ 25-45 ዓመት |
| 4. ብዝሒ | (1)ሓደ |
| 5. ደረጃ ትምህርቲ | ብኣካውንቲንግ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ (B.A) ዘለዎ/ዋ |
| 6. ልምዲ ስራሕ | ልዕሊ 5 ዓመት ንዲፕሎማ /ልዕሊ 2 ዓመት ንዲግሪ (BA) |
| 7. ወርሓዊ ደሞዝ | ብናይ ትካልና ስኬል መሰረት |
| 8. ሃገራዊ ኣገልግሎት | ዝፈጸመ/ት ወይ ዘይምልከቶ/ታ |
| 9. ተወሳኺ ሓበሬታ | ናይ ፒችትሪ ኣካውንቲንግ ክእለት ዘለዎ/ዋ |

| | |
|---|---|
| 1. መደብ ስራሕ | ተሓዝ ገንዘብ |
| 2. ጾታ | ኣይፈልን |
| 3. ዕድመ | ካብ 25-45 ዓመት |
| 4. ብዝሒ | (1)ሓደ |
| 5. ደረጃ ትምህርቲ | 12 ክፍሊ ዝወደአ/ት |
| 6. ልምዲ ስራሕ | 2 ዓመት ብተሓዝ ገንዘብ ዝሰርሐ/ት |
| 7. ወርሓዊ ደሞዝ | ብናይ ትካልና ስኬል መሰረት |
| 8. ሃገራዊ ኣገልግሎት | ዝፈጸመ/ት ወይ ዘይምልከቶ/ታ |
| 9. ተወሳኺ ሓበሬታ | ናይ ፒችትሪ ኣካውንቲንግ ክእለት ዘለዎ/ዋ |

ተወዳደርቲ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣድላዩ ሰነዳቶም ሒዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ሊሎ ትራንስፖርት ጎደና ባዳ 746 ቁጽሪ ገዛ 19 - 23 ከባቢ ኤክስፖ ተሌፎን ቁጽሪ 182022 ፖ.ሳ.ቁ 1997 ክመልክቱ ንሕብር።


## ሓዳስ መጽሓፍ





ደቅና ወነንቲ፡
- ✓ ድልዱል ጥዕና
- ✓ ፍሉይ ኣእምሮኣዊ ብልሒ
- ✓ ድልዱል ማሕበራዊ ዝምድናታት
  - ❖ ብድስፕሊን ዝተሃንጹ፡

ከምኡ' ውን
ኣብ ትምህርቶምን ሓፈሻዊ ንቕሓቶምን ጸብለል ዝበሉ ኮይኖም ንኽዓብዩ፡ ወለዲ ክንክተሎ ዘለና ኣልያን ክንክንን ብደቂቕ እተስተምህር ፍልይቲ መጽሓፍ!

"...ብሉጻት ቆልዑ ከተዕብዩ ንእትብህጉ ወለዲ ዝምነያ መጽሓፍ" ዶክተር ሰናይት ባህታ
"... ደቁ ኣብ ማዕርግ ዘብጽሐ ወላዲ እውን እንተኾነ ከንብባ ዘለዎ ፍልይቲ መጽሓፍ" ዶክተር ነጋሲ ልኣከ
"... ኩሎም ግዱሳት ወለዲ ከንብብዋ ዘለዎም ኣገዳሲትን እዋናዊትን መጽሓፍ" ፕሮፌሰር ኣበበ ክፍለእየሱስ

ኣብ 'ስተሽነሪታት፡ ንዝኾነ ውከሳ
ብመስመራት፡ 07236672 /119857 ተወከሱ






## ሓዳስ መጽሓፍ

- 11 ሓጺር-ዛንታታት
- ዛንታታት ቍልዕነት
- ዛንታታት ንእስነት
- ዝተፈላለየ ቅዲ-ኣጸሓሕፋ
  - ክውንነታዊ
  - ፋንታዝያዊ
  - ቸኮቭያዊ
  - ትልሚ-ኣልቦ
  - ማጂካዊ ክውንነት...

ኣብ ኵሉን ኣብያተ-መጽሓፍ ተዘርጊሓ ኣላ
ተሌ: 07118114 - ኣኽደር

... ብኣቀራርባኣን ፍሉይነት ዘለወን ሓጺር-ዛንታታት "ተረፍ"፡ ንምዕባለ ስነ-ጽሑፍ ሃገርና፡ ብሕልፊ ድማ ንቕዲ ኣጸሓሕፋ ሓጺር-ዛንታ ንቕድሚት ዘሰጕማ እያ።

ሰለሙን በርሀ - ደራሲ "ወፍሪ ስግረ-ዶብ"

* * *

... ነዚ ንነብሮ ዘለና ግዜን መንፈስናን፡ ትርጉም ህይወት፡ መስዋእትን ሓቒን፡ ንሰብን ሕልናኡን ብዕምቈት ጽሒፉሉ። ገለ ካብ'ዘን ዛንታታት ከም ግጥሚ ደጋጊምካ ንኽተንብበን ይድርኽኻ'ሞ፡ እንደገና ሓድሽ ሓሳብን ዓሚቕ ትርጉምን ትረኽበለን።

ግርማይ ዮሃንስ (ሳንድያጎ) - ደራሲ "ዘልኩ ደኣ"

* * *

እኩብ ዛንታታት መጽሓፍ "ተረፍ" ንዝተፈላለየ መድረኻት ህይወት - ካብ ህንጡይነት፡ ንጽህናን ስእለ-ኣእምሮ ህጻናትን ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ፍልስፍና ህይወት ማለት፡ ንሞትን ህይወትን፡ ፍቕሪ፡ መስዋእቲ፡ መን ምኧንካ ምፍላጥ ወዘተ. ዝውክሉ ዛንታታት ሒዛ ብውሕሉልን ዕምቈት ዘሎዎ ኣቀራርባን ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ።...

ራሄል ኣስገዶም ዘርኣ - ደራሲት "Before She Breaks My Heart"




# “ነዚ ደሊበዮ ዘለኹ ዓቕሚ፡ ኣብ ሃገረይ ዝዝክር ስራሕ ክሰርሓሉ’የ”

ናይ ርሑቕ መጻኢ መደብ ኣብ ኤርትራ ናይ ናኖቴክኖሎጂ (ኣብ ኣዝዮም ደቀቕቲ ቢኢታታትን ዋህዮታትን ዘድህብ ስነፍልጠትን ቴክኖሎጅን) ማእከል ምቛም እዩ፡፡ ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣብ ዘዘምባሊኦም ተመኪሮን ትምህርትን ዝቐስምሉ ሰፊሕ ዕድላት ናይ ምፍጣር ራእይ ኣለዎ፡፡ ናይ ወትሩ ሃንቀውታኡ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ፍልጠት ኣወሃሂድካ ኣብ ህይወትን ምዕባለን ለውጢ ምምጻእ እዩ፡፡ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ናኖቴክኖሎጂ ከምዝተኣታቶን ከምዝሰርሓሉን ምግባር ከኣ ሓደ ካብ ቀዳሞት ጥሙሓቱ እዩ፡፡ ንኤርትራ ተጠቃሚት እዋናዊ ቴክኖሎጂ ምግባሩ፡ ኣብ ጽላት ጥዕና ዝለዉ ሃጓፋት ክመልእ ይኽእል እዩ ዝብል እምነቶ ኣለዎ፡፡

ኣብ 1976 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ፡ ኣብ 1985 ወዲ 8 ዓመት ህጻን እንከሎ ምስ ስድርኡ ካብ ኤርትራ ዝወጸ ፕሮፌሰር ኣማን ርእሶም፡ ትምህርቲ ‘ሀ’ ኢሉ ኣብ ኣስመራ እኳ እንተጀመሮ፡ ዝሰዓበ ዝለዓለ ናይ ሞያን ምርምርን ትምህርቱ ግን ኣብ ወጻኢ እዩ ቀሲምዎ፡፡ ናይ ማስተርስን ዶክትረይትን ትምህርቱ KTH ኣብ ዝተባህለ ናይ ሽወደን ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ተኸታቲሉ፡፡ ናይ ድሕሪ ዶክትረይት ማዕርጉ ከኣ ካብ 2005-2008 ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ሃርቫርድ ናይ ኣመሪካ ቀጺሉ፡፡ ብድሕሪኡ ናብ ከተማ ስቶክሆልም ተመሊሱ፡ ምስ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ KTH ሓሲፉ ናይ ሓደ ላብራቶሪ ኮይኑ ህይወቱ ቀጺሉ፡፡

ፕሮፌሰር ኣማን ካብ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ኣዝዩ ህርኩትን ትኩርን ተማሃራይ እዩ ነይሩ፡፡ “ኣብ ዝወዓልኩዎ ግዜ ዝኾነ ጌጋ ስለዘይርከበኒ ዝበሉ ናይ ሽዑ መምህረይ ‘በርቂ’ ኢሎም ዝጽውዑኒ ነይሮም” ብምባል ክሳብ ሕጂ እዩ ዝዝክሮ፡፡ እቲ ናይ ሽዑ ምትብባዕ ከኣ ክሳብ ሕጂ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ከምዝሓገዞ ይገልጽ፡፡

ኣብ ሽወደን ናይ ሻዱሻይ ክፍሊ ተማሃራይ እንከሎ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ዝወሃቦ ዝነበረ ናይ ቋንቋ ሽወደን ተወሳኺ ትምህርቲ፡ ሰሚናራት ክከታተል ጀሚሩ፡፡ ታሽዓይ ክፍሊ ምስበጽሐ ከኣ፡ ከም ኩሉ ተማሃራይ ናብቲ ናይ ክልተ ዓመታት ዩኒቨርሲቲ መዳለዊ ኮሌጅ ኣትዩ፡፡

ድሕሪኡ እዋንኡ ኣማን ኣየናይ መስመር ከምዝኽተል ወይ እንታይ መንገዲ ከምዝመርጽ ሓርቢትዎ፡፡ ኣብ ቁጽርን ፊዚክስን ይግደስ እኳ እንተነበረ፡ ዝያዳ ኣተኩሮኡ ግን ኣብ ቁጽሪ እዩ ነይሩ፡፡ ካብኡ ብምብጋስ፡ ናይ ሕጊ በዓል ሞያ ወይ ናይ ስነ ቁጠባ ምሁር ክኸውን ከምዝደሊ በሪሁሉ፡፡ ብኡ ከኣ ናብ ምህንድስና ዓለም ገጹ ኣማዕድዩ፡፡ ኣብ ከምዚ እንከሎ ግን፡ ከም መካይን ዝኣመሰለ ገለ ግብራዊ ሞያ ሰሪቑ ቀልጢፉ ኣብ ስራሕ ዓለም ምእታው ከምዝሕሾ ብፈተውቱ ምኽሪ ክልገሰሉ ጀሚሩ፡፡ ይኹን’ምበር፡ “ቅድመይ ዝነበረ ዓርከይ ከምኡ መረጹ ስለዝነበረ፡ እሞ ከኣ ንሱ ዘሕለፎ ነዊሕ ጉዕዞ ይውሓጠለይ ብዘይምንባሩ፡ ነቲ ምኽሪ ንኸደኒ ጉዳይ ናይ ባዕለይ መንገዲ መረጽ” ክብል፡ ነቲ ኣብ ውሽጡ ዘድምጽ ዝነበረ መጻኢ ክንዓዝ ከምዝሓረየ የረድእ፡፡

ኣማን ንዩኒቨርሲቲ መዳለዊ ኣብ ዝወሃብ ናይ ክልተ ዓመታት ትምህርቲ እንከሎ ናይ ኬሚስትሪ መምህሩ ኣዝዩ ይምስጦ ብምንባሩ፡ ዩኒቨርሲቲ ምስኣተወ ኬሚስትሪ እዩ መሪጹ፡፡ ኣብ 1995 ከኣ ናይ ኬሚካል ኤንጂነሪን ትምህርቱ ፈሊሙ፡፡ ዝ ዓውዲ’ዚ ኣብ ዘጽንዓሉ ዝነበረ እዋን፡ ዘለዎ ተኽእሎታትን ጸጋታትን ክኸስተሉ ጀሚሩ፡፡ “ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ሓደ ክፍሊ ወይ ደረጃ ንላዕሊ ክወሰኽ እንከለኹ፡ ኣብ ኣተሓሳስባይ ትንኣስ ትዕበ ገለ ነገር ከምዝወሰኽኩ ይፍለጠኒ ነይሩ፡፡ ዋላ’ኳ ኣብቶም ኣዝዮ ዝግደሰሎም ዝነበርኩ ዓውድታት ፍልጠት ኣዝዩ ንፉዕ እንተዘይነበርኩ፡ እቲ ተጉዳስነት ግን ዓቢዩ፡፡ ስለዚ፡ ተማሃሮ ዝፈትውዎ ወይ ዝግደሱሉ ዓውዲ ክሕልዉ እየ ዝመኽር” ዝበለ እቲ ወዲ 38 ዓመት ተመራማሪ፡ ትፈትዎ ዓውዲ ምስፈለጥካ፡ ብድሕሪኡ ንኡበሽኻ ከመይ ጌርካ ተበራቢርካ ምስቲ ምርጫኻ ተወሃሂድካ ክትፈልጥ ከምዘለካ እዩ ዝምዕዶ፡፡

ፕሮፌሰር ኣማን ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ምርምራት፡ ብፍላይ ከኣ ምስ ጥዕናን ሕክምናን ዝተኣሳሰሩ ምርምራት ኣብ ምክያድ እዩ ዝግደስ፡፡ ስርዓት ሕክምና ሃገሩ ንምምዕባል ኣዝዩ



ዝሕፍ ጥሙሕ ኣለዎ፡፡ ኣቐዲሙ ኬሚካላዊ ምህንድስና ስለዘጽንዐ፡ ኣብ ስነህይወታዊ ቴክኖሎጂ ክግደስ ጀሚሩ፡፡ ናይ መወዳእታ ትምህርቱ ከኣ በዚ ዓውዲ’ዚ እዩ ዛዚምዎ፡፡ ፕሮፌሰር ኣማን ምስ ብጾቱ ኮይኑ፡ ኣብ ሽወደን ምርምራት ከካይዱ እየም ጸኒሖም፡፡ ከምኡ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ከኣ፡ ምስቲ ምርምር ዝተሓሓዙ ደቀቕቲ ናይ ኮምፒዩተር ነገራት የማዕብሉ ማለት’ዩ፡፡

ኣብ ነሓሰ 2001 ኣደህቢኡ ካብ ኬሚካላዊ ምህንድስና ናብ ኤለክትሪካዊ ምህንድስና ብምዃር፡ ናይ ዶክትረይት ትምህርቱ በዚ ዳሕረዋይ ዓውዲ ፈጺሙ፡፡ ኣብዚ እምበኣር እዩ ከመይ ጌርካ ብጡዙሒ ሜካኒካዊ ስርዓት ከተፍሪ ከምእትኽእል ዝፈለጠሉ ናይ ማይክሮ ቴክኖሎጂ ትምህርቲ ዝቐሰመ፡፡

ውህደት ናይ ክልቲኦም ዓውድታት ምህንድስና ብኣርባዕተ ዓይኒ ክጥምት ከምዝኽኣለ ዝገልጽ ፕሮፌሰር ኣማን፡ እቲ ዝወሰዶ ናይ ማይክሮ ቴክኖሎጂ ትምህርቲ ልክዕ ከም መሳርሒ - ከም ማርቴሎን መስመርን ከምዘገልገሎ እዩ ዝሕብር፡፡ “ኣብ መወዳእታ፡ ማይክሮ ቴክኖሎጂ ኣብ ዓውዲ ስነህይወት (ባዮሎጂ) ዘገልግል መሳርሒ ኮይኑ ረኺበዮ” ድማ ይብል፡፡


“ውህደት ናይ ኬሚካላውን ኤለክትሪካውን ምህንድስናታት ናበይ ከምዝወስደኒ፡ ብዙሕ ሰብ ክግምቶ ይኽእል እዩ፡፡ ክልቲኦም ዓውድታት ተማላኣቲ ኮይኖም ረኺበዮም፡፡”

ንሱ፡ ናይ ደቂ ሰብ ዲኤንኤይ ኣብ ምትንታን ዝሕግዙ ደቀቕቲ ናይ ኮምፒዩተር ኣካላት ንምምዕባል ንፍልጠት ናይ ማይክሮ ቴክኖሎጂ ኣብ ግብሪ ኣውዒልዎ፡፡ ኣብዚ ዓውዲ’ዚ እዩ እምበኣር ንወላዲት ሃገሩ ገለ ክሰርሓላ ዝሓልም፡፡

ፕሮፌሰር ኣማንን ካልኦት ተመራመርቲ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ KTH’ን ብሓባር ብዘካየድዎ ምርምራዊ ስራሕ፡ ዝ ዳርጋ ኣብ ዝኾነ ግዜ እንገረኽቦ ዲቪዲ ዘጻውት ቴክኖሎጂ፡ ኣማዕቢሎም ናብ ዝረቐቐ ማይክሮስኮፕ ከምዝለወጥ ገይሮምዎ፡፡ ናይ ደም መርመራ እንተላይ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስ ኣብ ምክያድ ድማ ኣውዒሎምዎ፡፡ ንሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዲኤንኤ፡ ኣርኤን.ኤይ. ከምኡ’ውን ዋህዮታት ደም ከርኢ ዝኽእል ቴክኖሎጂ እዩ፡፡ ኣብቲ ዘጽንሐ መሳርሒታት ናይ ሕክምና ንዘወጽእ ዝነበረ ከቢድ ዋጋ ኣዝዩ ከምዝጎድሎ ድማ ተገሚቱ ኣሎ፡፡ እቲ ውጽኢት፡ ናይ ን30 ዓመታት ክካየድ ንዝጸንሐ ምርምራት መልሲ ዝሃበ ብምዃኑ፡ ኣብ ሕክምናዊ ምርምር ዓቢ ዝላ ምዃኑ ሓለፍቲ ናይቲ ኢንስቲትዩት ገሊጾም ኣለዉ፡፡

ምህዞኦም ብብዙሓት ተመራመርቲ ኣድናቖት ዝተረፈ ኣብ ብምዃኑ፡ ኣብ ብዙሓት ናይ ምርምር መጽሔታት ተዘርጊሑ ኣሎ፡፡ ፕሮፌሰር ኣማን ኣብ መወዳእታ፡ “ናይ ኤርትራውነት ሕማም ስለዘለኒ፡ ነዚ ደሊበዮ ዘለኹ ዓቕሚ፡ ኣብ ሃገረይ ዝዝክር ስራሕ ክሰርሓሉ እየ” ክብል ቃል ኣትዩ ኣሎ፡፡

ምንጪ፡ Shabait.com



# ስፖርት

- ሃብቶም ጸጋይ -

## ማን ዩናይትድ ኣይ-ፓድ ኣብ ኦልድትራፎርድ ከይኣቱ ከልኪላ

ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ልዊስ ቫን ጋል ዝኣተወት እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ከም መቆጻጸሊታ ናይቲ ኣብዚ ዓመት ዘተኣታተወቶም ለውጥታት፡ ደገፍቲ እታ ክለብ ናብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ከም ኣይ ፓድን ካልኦት ተመሳሰልቲ ኤለክትሮኒካዊ ኣቑሑትን ሒዞም ከይኣትዉ ኣጊዳ። ሓለፍቲ ክለብ ማንቹናይትድ ናብዚ ውሳነ ዘበጽሑሉ ምኽንያት፡ ብርክት ዝበሉ ደገፍቲ ኑቲ ጸወታ ብምቕራጽ ከየመሓላለፉዎ ብምስጋእን ሓደ ሓደ እዋናት ድማ እቶም ንደረቐን ተንቀሳቓስን ምስልታት ንምውሳድ ክብሉ ካብ ቦትኦም ዝትንስኡ ደገፍቲ ኑቶም ብድሕሪኦም ኮፍ ኢሎም ዝከታተሉ ደገፍቲ የሸግሩ ብምኻኖምን ምዃኑ ኣረዲኦም። ኮይኑ ግን ትሑት ናይ ምስኣል ዓቕሚ ዘለወን ካሜራታትን ካልኦት ኤለክትሮኒካዊ ኣቑሑን ፍቑድ ከምዝኾነ ገሊጾም። እዚ እገዳ ናይ ኣይ ፓድ ሓደሽ ተርእዮ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ቅድሚ ሕጂ ብርክት ዝበሉ ነገራት ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ከይኣትዉ ተኸልኪሎም ኢዮም። ገለ ካብኦቶም ኣልኮላዊ መስተ፡ ጥርሙዝ፡ በኪራ ካራ፡ ጽላል፡ ሬድዮ፡ ሺጋራን ረሺታትን ዝጥቀሱ ኢዮም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣሰልጣኒ ቫን ጋል፡ ኣብታ ዜጋታት ናይ 12 ሃገራት ዝኾኑ ተጻወትቲ ዝርከብላ ክለቡ፡ ኩሎም ተጻወትቲ ኣብ ኑሓድሕዶም ንምርድዳእ ቋንቋ እንግሊዝ ጥራይ ክጥቀሙ ከምዝኣዘዘ ተገሊጹ። ብተወሳኺ ከኣ ንወህደትን ፍቕርን እታ ጋንታ ንምድራዕ እቲ ዝበረ ርቡዕ ኩርናዕ ዝቕርጹ ሓብራዊ መመገቢ ጣዋሉ፡ ብክቢዊ ዝቕርጹም ሓደስቲ ጣዋሉ ከምዝቕየር ገይሩ ኣሎ።

## ተወሳኺ




ስቲቨን ጀራርድ ኣንጻር ፋልሃም ንዘመዝገቦ ሹቶ እናጸንበለ ዝሰኣለ ኬቨን ኪውግሊ ዓመታዊ ንዝወሃብ ናይ ውድድራት ፕ/ሊግ ዝበለጸ ስኣላይ ሽልማት ተዓዊቱሉ። ንብርክት ዝበሉ ተውዳደርቲ በለጹ ዝተዓወተ ስኣላይ ጋዜጣ ደይሊ መይል ኪውግሊ ኑቲ እታ ስእሊ ዝተሰኣለትሉ ስታድዩም ክሉብ ፋልሃም "ክራቨን ኮተጅ" ንስራሕ ስእሊ ዝመቸአ ቦታ ክብል ገሊጹዎ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

✉ ንሪዮ ፈርዲናንድ ብናጻ ምስግጋር ዘምጸኣት ክሉብ ኪውፒኣር፡ ንምንኣስ ሓዉ ኣንቶን ፈርዲናንድ ናብ ክሉብ ሪዲን ብናጻ ኣፋንያቶ። ዛጊት ክልቲኦም ኣሕዋት ማልያ ሓንቲ ክሉብ ወድዮም ኣይተጻወቱን ዘለዉ።

✉ ቦሩስያ ዶርትሙንድ ኑቲ ብኽለቦት ፕ/ሊግ ዝህደን ዘሎ ተጻዋታያ ማት ሁመልስ ሓሊቓ ጋንታ ክኸውን መዚኑቶ።

✉ ባርሴሎና ምስ ልዊስ ስዋረዝ ኣብ ዝገበረቶ ውዕል "ንናይ ምንካስ ኩነታት ዝገልጽ ዓንቀጽ ኣሰፈራ" ዝብል ዜና ሓሶት ምዃኑ ገሊጹ።

✉ ማሕበር ኩዑሶ እግሪ እንግሊዝ ንፕጥም ኮሚዩኒቲ ሺልድ ናብ ካልእ ሃገር ከሰጋግሮ ውጥን ከምዘለዎ ገሊጹ። ናይ ፈረንሳ ግጥም ሱፐር ካፕ ኣብ ቻይና ከምዝተኻየደ ዝዘከር ኮይኑ፡ ትማሊ ዝተኻየደ ሱፐር ካፕ ስጳኛ ድማ ኣብ ከተማ ካርዲፍ (ዌልስ) ኢዩ ተኣንጊዱ።

## ማራዶና ንጋዜጠኛ ጸፊዑ




ሓደ ካብ ብሂራት ተጻወትቲ ኩዑሶ እግሪ ዓለምና - ዲያጎ ኣርማንዶ ማራዶና ዘርእዮም ስሚንጠር ጠባያት ወትሩ ኣዛረብቲ ኢዮም። ብሰሉይ ኣብ ከተማ ቦነስ ኣይረስ - ኣርጀንቲና ንሓደ ኣርጀንቲናዊ ጋዜጠኛ ካብ መኪናኡ ወሪዱ ብምጽፍዑ ከኣ ኣርእስቲ ሰሪሑ። ማራዶና ምስ ወዱ ዲያጎ ፈርናንዶን ናይ ቅድም ሰበይቱን ኣደ ወዱን ቨሮኒካ ኣይጃን እንከሎ ብጋዜጠኛታትን ደገፍትን ኣብ ዝተኸበሉ እዋን ኢዩ ብሃንደበት ካብታ ዝተሳፈራ ተሽከርካሪት ብምውራድ፡ ኑቲ ጋዜጠኛ "ዝንገዕ" ክብል ድሕሪ ምጽራፉ ብጽፍዒት ተሳዒሉዎ። እቲ ጋዜጠኛ ንቨሮኒካ ዓይኑ ክጸቕጠላ እንከሎ ስለዝተዓዘቦ ኑቲ ተግባር ከምዝፈጸሞ ድማ ማራዶና ሓቢሩ። ከም መግለጺ ናይ ሓንቲ ኣብ ኣርጀንቲና እትሕተም ጋዜጣ "ክላሪን"፡ እቲ ንጉስ ኩዑሶ እግሪ ዓለም ኑቲ ጉዳይ ጋዜጠኛ "ኣንታ በሃም፡ ኣይፈለጥካንን ዲኻ!? ምሳይ ሽግር እንተዘይህልወካ ነይሩ ኣብ ጥቓ ሰበይተይ ኣይምቐረብካን!" ክብል ከምዝዛረቦ ገሊጹ።

ኣብ ከምዚ እዋናት ኣካላዊ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ዘይብል ማራዶና፡ "ዋላ'ኳ ዕድመይ 53 ዓመት እንተኾነ፡ ሕጂ'ውን ስመይ ዲያጎ ኣርማንዶ ማራዶና ኢዩ" ብምባል ከኣ፡ ክሳብ ሎሚ ምስ ሓይሉን ጉልበቱን ምህላዉ ፈኪሩ።

## ካብ ተላጋጺ ባህርያት ፒኬ . . .




ተኸላኻላይ ባርሴሎና ጀራርድ ፒኬ ካብ ሜዳ ወጻኢ ብተላጋጺ ባህርያቶም ካብ ዝልለዩ ተጻወትቲ ሓደ ኢዩ። እዚ ብደቂ ጋንትኡ "ኮኾብ ተላጋጺ" ከምዝኾነ ዝዝረበሉ ስጳኛዊ ዝሓለፈ ሰሙን ንዋዛ ኢሉ ዝገበሮ ፍጻመ ግን መዛዘ ኢዩ ኣኸቲሉ። ፒኬ ምስታ ኣብ ከተማ ሄልሲንኪ ትርከብ ክሉብ ኤችጄይኬይ ንምግጣም ናብ ፊንላንድ ዘምርሐት ባርሴሎና ኣብ ዝግዓዘሉ ዝበረ እዋን፡ ናብታ ኣፍራት ሕማቕ ጨና ዘለዎ ነገር ሒዙ ብምእታው ኑቶም ካብኡ ዘይተጸበዩዎ ተሳፈርቲ'ታ ኣፍራት ኣገሪሙ። ፒኤ ኑታ ምስ ደቂ ጋንትኡ ንምጭራቕ ክብል ሒዝዎ ዝደበ ሕማቕ ጨና ዝፍኑ ነገር ኣብ ዱሕረዋይ ሽንኽ'ታ ኣፍራት ድሕሪ ምቕማጡ፡ ተሳፈርቲ በቲ ዝተበተነ ብርቱዕ ሽታ ከማርሩ ተራእዮም። በቲ ኩነታት ምሓር ዝተቐጥዑ ኣባላት ኣካየድቲ ናይታ ኣፍራት ድማ ንተግባራት ጀራርድ ፒኤ ብምግላጽ፡ ንተሳፈርቲ ይቕሬታ ሓቲቶም።

ብኸምዚ ዓይነት ባህርያቱ ዝልለ ፒኬ ኣብ 2010 ኣብ ውሽጢ ኣውቶብስ ጋንትኡ ፍረ ናይ ዕንቦብ ሰፍ ከምዝበተነ ይዝከር። ካልእ ግዜ ድማ ምስ ሊየነል መሲ ብምኻን ንመንገፍ ናይ ሓደ ረሳሺ ምኻኑ ዝገለጹዎ ኣባል ክሉብ ባርሳ ከምዝነደዱዎ ይንገር።

## ደሃይ ምስግጋር ተጻወትቲ

• ማንቸስተር ዩናይትድ ንኳርዳዶ ካብ ፊዮረንቲና ከተፈርሞ ተቓሪባ ከምዘላ ይግለጽ ኣሎ። ፊዮረንቲና ንጀርመናዊ ማርኮ ማሪን ካብ ቸልሲ ብመልክዕ ልቓሕ ድሕሪ ምፍራማ፡ ጉዳይ መሸጣ ኳርዳዶ ክቀላጠፍ ከምዝኽእል ይግመት።

• ሆላንዳዊ ኢብራሂም ኣፈላይ ካብ ባርሴሎና ናብ ግሪኻዊት ክሉብ ኦልምፒያኮስ ብልቓሕ ተሰጊሩ። እቲ ውዕል ንሓደ ዓመት ዝቕጽል'ዩ።

• ንዳንኤል ኣገር ካብ ሊቨርፑል ንምዕዛእ ተቦዳሶታት ከምዝወሰዳት ዝነገረላ ኣርሰናል፡ ኣባላታ ፖዶልስክን ካምቤልን ብዙርካዊት ጋላታሳራይ ይህድኑ ምህላዎም ተፈሊጡ።

• ብኽለቦት ፕ/ሊግ ዝተጠመተ ብራዚላዊ ኣከፋሊ ልዊስ ጉስታቮ ካብታ ዝጻወተላ ክሉብ ዎልፍስበርግ ከምዝይወጽእ ኣፍሊጡ። ዝሓለፈ ዓመት ካብ ባየርሙኒክ ዝገዝአ ጉስታቮ ምስታ ጀርመናዊት ክለቡ ጽቡቕ ከምዘሎ የረድአ።

• ኣብዚ ናይ ምስግጋር እዋን ዝሕል ዝበለት ቶተንሃም፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ተጻወትቲ ክትዕድግ ከምዝኾነት ኣፍሊጣ። ብኣንጻር'ቶም ናብኣ ዝጸንበሩ ሓደስቲ ተጻወትቲ፡ ከም ሶልዳዶ፡ ሳንደሮ፡ ታውንሰንድን ካልኦትን ክወጹ ኢዮም።

## ቀዳሞት 10 ፍቱዋት ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ



ሆላንዳዊ ሮቢን ቫን ፐርሲ ኣብ ውድድራት ፕ/ሊግ ካብ ዝርከቡ ተጻወትቲ እቲ ዝያዳ ዝተፈትወ ከምዝኾነ በበሲ ሓቢሩ። ንሱ ነዚ ዝበቕዐ ካብ ዝተሸጡ ማልያታት ክለባት ፕ/ሊግ እቲ ስሙ ዝተጻሕፎ ማልያታት ዝበዝሐ ቁጽሪ ሺያጥ ስለዝተረኸቦ ኢዩ። እዚ ድማ ቫን ፐርሲ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ዓመት ዝረኸቦ ክብሪ'ዩ። ኣብ ዝርዝር ቀዳሞት 10 ፍቱዋት ተጻወትቲ ፕሪመርሊግ፡ ኣርባዕተ ተጻወትቲ ማንዩናይትድ ክኣትዉ ከለዉ፡ ናብ ባርሴሎና ዝተሰጋገረ ኡራጋያዊ ልዊዝ ስዋረዝ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ። እቲ ዝርዝር ንዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ዝውክል ኢዩ።

1. ሮቢን ቫን ፐርሲ (ማንዩናትድ)
2. ስቲቨን ጀራርድ (ሊቨርፑል)
3. ልዊስ ስዋረዝ (ሊቨርፑል - ናብ ባርሳ ተሰጊሩ ኣሎ)
4. ኤደን ሃዛርድ (ቸልሲ)
5. መሱት ኦዚል (ኣርሰናል)
6. ዋይን ሩኒ (ማን ዩናይትድ)
7. ሰርጂዮ ኣጉዌሮ (ማንሲቲ)
8. ኹዋን ማታ (ማን ዩናይትድ)
9. ሺንጂ ካጋዋ (ማን ዩናይትድ)
10. ፍራንክ ላምፓርድ (ቸልሲ /ናብ ማንሲቲ ተሰጊሩ/)

# ስፖርት

ተስፋኣለም ገ/ዮሃንስ (ኩባ)

## ኣብ 2ይ ውድድር ኦሎምፒክ መንእሰያት ዓለም ዝሳተፍ ጉጅለ ስፖርታውያን ኤርትራ፡ ናብ ቻይና ኣምሪሑ

ካብ 16 ክሳብ 28 ነሓሰ፡ ቻይና ኣብ ዝካየድ 2ይ ውድድር ኣብ ከተማ ናንጂን - ኦሎምፒክ መንእሰያት ዓለም ዝሳተፍ ጉጅለ ስፖርታውያን ኤርትራ፡ ትማሊ 12 ነሓሰ ናብ ቻይና ኣምሪሑ።

እዚ ክልተ ተቐዳደምቲ ብሽክሊታ ማለት ኣቤል ተወልደመድህንን ኣብርሃም መሓሪን ከምኡ'ውን ኣትለት ስምረት ወልደጋብር ዝሓቖፈ ጉጅለ፡ ኣብቲ ካብ መላእ ዓለም ዝመጹ ሓያሎ መንእሰያት ዝሳተፍዎ ኣህጉራዊ ውድድር፡ ብኣሰልጠንቲ ሳምሶን ሰለሙንን ኢሳይያስ ኣሰፋውን ከምዝዕለ፡ ካብ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ስፖርት ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ጉጅለ ስፖርታውያን ኤርትራ፡ ኣብ 2010 ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ውድድር ኦሎምፒክ መንእሰያት ዓለም፡ ብኣትሌታት ኣብራር ዐስማንን ሳምራዊት መንግስተኣብን ከምእተወከለት፡ ኣብ ውድድር 3,000 ሜትሮ ድማ ወርቂን ነሓስን ሜዳልያታት ከምእተሸለመት ይዝከር።

## ውድድር ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ክካየድ'ዩ

ውድድር ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ፡ ብሃገር ደረጃ ክካየድ ምዃኑ፡ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ፡ ብመገዲ ህዝባዊ ርክባቱ ኣብ ዝሰደዶ ደብዳበ ሓቢሩ። እቲ ውድድር ኣብ ቅንያት ፈስቲቫል፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ካብ 16 ክሳብ 22 ሓምለ 2014 ካካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ። ዕላማ ናይቲ ዝካየድ ውድድር፡ ንበቐዓት ሃገርና ኣብቲ ዓይነት ስፖርት ዝፍትሽ ምዃኑ ዝገለጸ እቲ ደብዳቤ፡ ሃገራዊት ጋንታ ንምቛምን ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ንምስታፍ ባብ ዝኸፍት ምዃኑ፡ ወሲኹ የረድእ። ኣብ ዓመተ 2010 ብፌደረሽን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ተመዊሉ፡ ብምኽንያት ስርሒት ፈንቅል፡ ንኩለን ዞባታት ዘሞእስ ተመሳሳሊ ውድድር ተኻይዱ ምንባሩ ዝዝከር እዩ። ኣብቲ ናይ ሽዑ ውድድር፡ ብደቂ ተባዕትዮ ዞባ ደቡብ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ዞባ ማእከል ተዓወትቲ ኔረን።

## ስልጠና ዳንነት ኩዕሶ መርበብ ተዋሂቡ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ፡ ምስ ኮምሽን ስፖርትን ቤት ማእሰርቲን ተሃድሶን ጸጸራት ብምትሕብባር፡ ካብ 4 ክሳብ 10 ነሓሰ 2014 ንተኣረምቲ ቤት ማእሰርቲ ተሃድሶ ጸጸራት፡ ስልጠና ዳንነት ኩዕሶ መርበብ ሂቡ። እቲ ስልጠና እቶም ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዝርከቡ ተኣረምቲ፡ ዘካይድዎ ወሽጣዊ ውድድራት ዝምራሓሉ ኣገባብ፡ ብቐዓቶም ዘማልእን ብፍልጠት ዝተሰነየን፡ ንምግባሩ ዝዓለመ ምዃኑ ተገሊጹ።

ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ፡ ኣቶ ሄኖክ የውሃንስ፡ ኣብ ናይ ምምራቕ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ስልጠንቲ ኣብ ዘካይድዎ ዝነበሩ ውድድራት ዝምርሐሉ ዝነበሩ ሕግታት ግዜኡ ዝሓለፈ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ በዚ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምስ እዋናዊ ሕግታት ዘላልየምን ብቐዓቶም ድማ ብኡ መንጽር ክብ ኩብሉ ዝሕግዞምን ምዃኑ ገሊጹ። ኣቶ ሄኖክ ኣብ መውዳእታ፡ ኣብ ዝመጽእ እዋናት፡ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና፡ ክወሃብ ምዃኑ ድማ ኣበሲሩ። ወኪል ተመረቕቲ ብወገኑ እቲ ብሃገራውያን ደያኑ፡ መም ቢንያም የማነን ኣቶ ሳሙኤል መንከሻ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ንኣፍልጠቶም ሓጋዚ ምንባሩ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ገሊጹ። ተመረቕቲ ዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐት፡ ካብ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ፡ ኮሎ/ደሳለ ቃለዩ፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮምሽን ስፖርት ኤርትራ፡ ኮሎ/ ሳሙኤል ጸጋይን ካልኦት ሓለፍቲን ተቐቢሎም። ነቲ ናይ መመረቕታ ኣጋጣሚ ንምድማቕ ኣብ መንጎ ጋንታ ተሃድሶን ማእሰኣርቲን ጸጸራትን ክሉብ ንስሪን ናይ ምሕዝነት ግጥም ተኻይዱ ኔሩ። ክሉብ ንስሪ ድማ 2፡0 ተዓዊታ።

ህ/ር/ሃ/ ፊ/ ኩ/መ/
ጸጋብርሃን ጎይትኦም

## ኣርሰናል ድሕሪ ግጥም ኮሚኒቲ ሽልድ








ኣርሰናል ድሕሪ ኣስታት ትሽዓተ ዓመት፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክልተ ዋንጫ፡ ኤፍ ኤን ኮሚኒቲ ሽልድን ዓቲራ። ዝሓለፈ ሰንበት ኣርሰናል፡ ኣብ ግጥም ኮሚኒቲ ሽልድ ንሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ማንቸስተር ሲቲ 3፡0 ብምስዓር፡ ነዚ ሓድሽ ዓመተ ስፖርት ብዓወት መዊኣቶ። ኣብቲ ግጥም ኣሰልጣኒ ኣርሰን ቨንገር፡ ኣብዚ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ካብ ዘፈረሞም ኣርባዕተ ተጻወትቲ፡ ነቶም ሰለስተ ክጥቀመሎም ተራእዩ። ቨንገር ዘይሓለፈ ዝሓለፈ እዋኑ ኣብ ዕዳጋ ተጻወትቲ ቀልጢፉ ብምእታው ንሓላው ልዩት ኣስፒና፡ ንተኻላኻላይ ደቡቺ፡ ንኣጥቃዒ ኣክሩሳሊ ሳንቸዝ፡ ከምኡ ድማ ንቻምበርስ ኣፈሪሙ ኣሎ። ንክልተ ተኸላኸልቲ ሸርማለንን ሳኛን ከኣ ኣፋጒዱ ደርኪቡ። ኣብቲ ናይ ሰንበት ጸወታ፡ ኣርሰናል ብሜላ ኣሰላልፋ 4-2-3-1 ብምልእ ቁጽጽር ኩዕሶ ጸወታን ሹቶን ንማንቸስተር ሲቲ በሊጻ'ያ ተዓዊታ። ሓደስቲ ኣባላት ኣርሰናል፡ ቻምበርስ ምስ ደቡቺ ኣብ ምክልኻል፡ ዝምስገን ስራሕ ክሰርሑ ተራእዮም። ብፍላይ ሳንቸዝ ጽልዋኡ ኣብቲ ግጥም ልዑሊ ዝኾነ ተጻዋታይ ኔሩ። ነተን ቀዳሞት ክልተ ሹቶታት ኣርሰናል ኣብ ምህንዳስ ከኣ ዓቢ ተራ ኔርዎ። ሳንቸዝ ካብ ማእከል ንቕድሚት ኣብ ዝሎ ሰለስተ ቦታታት ብኣድማዕነት ክጻወት ዝኽእል ተጻዋታይ ምዃኑ ተንተንቲ ይገልጹ። ኣርሰን ቨንገር ንብሉጽ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ነበር ቴሪ ኦንሪ ናይ ከም ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ እዩ ዝጥቀመሉ ዝነበረ። ብፍላይ ብዮማናይ ሸነኽ ዘመዝምበን ዝነበረ ሹቶታት ብዙይ መጠን ብሉጻት፡ ኣብ ዓወት እታ ጋንታ ድማ ወሰንቲ ምንባረን ይዝከር። ድሕሪ ምኻድ ኦንሪ፡ ኣርሰናል እቲ ተጻዋታይ ዝህባ ዝነበረ ኣገልግሎት ክትረክብ ኣይደኣንነትን። ምምጻእ ሳንቸዝ እምበኣር ብመሰረት ዝተፈላለዩ ተንተንቲ፡ ነዚ ኣርሰናል ስኢናቶ ዝነበረት ጸወታ ከም እትረክብ ዝገልጽ እዩ። ሳንቸዝ ኣብ ባርሰሎናን ቺለን ዘውጽኦ ዝነበረ ግደን ዘበርከቶን ክምዝን ከሎ ንኣርሰናል ዝምጥን ተጻዋታይ'ዩ። ናይ ክንፊ ተኸላኻላይ ደቡቺ፡ መተካእታ ሳኛ (ናብ ማንቸስተር ሲቲ ዝኸደ) ኮይኑ'ዩ መጺኡ። ደቡቺ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ንሳኛ በሊጹ ቀዋሚ ተሰላፊ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ዝነበረ'ዩ። ምስ ክሉብ ነውካስትል ዩናይትድ ብሉጽ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፈ ደቡቺ ኣብ ፕሪመር ሊግ እኹል ተሞክሮ ኣለዎ። ኣብ ምክልኻል ዝምስገን ተራ ከም ዘበርክት ብተንተንቲ ዝግለጽ እዚ ፈረንሳዊ፡ ኣብ ምጥቃዕ ሓያል ኺ ስለ ዘለዎ ንኣርሰናል ተወሳኺ ብልጫ ምዃኑ ይግለጽ። ቻምበርስ ኣብ ሰለስተ ቦታታት ናይ ምጽዋት ብቕዓት ኣለዎ። ብዕድመ እውን ኹ ወዲ 18 ዓመት ብምህላው ንቨንገር ተወሳኺ ብልጫ'ዩ። ኣብ ግጥም ኮሚኒቲ ሽልድ ኣብ መንበር ተቐያሪቲን ኣብ ዕረፍቲ ዝነበሩ ተጻወትቲ ኣርሴናል ርኢኻ ዕምቆትን ስፍሓትን እታ ጋንታ ዓብዩ ምህላው ዝምስክር'ዩ። ኣብ ሓላው ልዩት ናይ ሓድሽ ኣባል ኦስፒና ምፍራም ኣሎ። ኣብ ምክልኻል መርተሳከር ኣብ ዕረፍቲ፡ ኣብ ምክፍፋል ፍላሚኒን ቻምበርሊን ሮዝስኪን ኣብ መንበር ተቐያሪቲ ዝነበሩ እዮም። ኣብ ምክፍፋልን ምጥቃዕን ድማ ኦዚል ኣብ ዕረፍቲ ዋልኮት ድማ ካብ ማህረምቲ ተመሓይሹ።

ኣርሰናል በዞም ዝተጠቐሱ ተጻወትቲ ኣብ ግጥም ኮሚኒቲ ሽልድ ብዙሕ ብልጫ ከም ዝነበራ ዝእምት ምንቅስቓስ ንረኽበሉ። ኣብ ምክልኻል፡ ምክፍፋልን ምጥቃዕን ዘተሰፉ ዕቤላ ኣርኢያ'ያ። እናከፋፈለ ዘጥቅዕ ራምሲ ዘመዝግብ ሹቶ፡ እቲ ተጻዋታይ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብቕዓቱ ክደግሞ ከም ዝኽእል ኣንፈት ሂቡ ኣሎ። ጂሩድ ድማ ኣብ ኣፈጻጽማ ምምሕያሽ ኣርእዩ ኣሎ። እዚ ምስ ሓይሊን ምውህሃድን ሳንቸዝ፡ ኦዚልን ዋልኮት'ውን እንተተጸንበርዎ፡ ኣርሰናል ኣብ መስመር ምጥቃዕ ሓያል ክትከዉን ከም ትኽእል ይግመት። ናይ ማንቸስተር ሲቲ ናይ ምትጥቃዕ ሓይሊ ኣብ ግምት ብምእታው ምስቲ ኣርሰናል ጌራቶ ዘላ ለውጢ ክውዳደር እንክሎ ዝኣድ'ዩ። ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ግጥም ክትደፍእ እንከላ መስመር ምክልኻል ኣርሰናል ክሸገር ይረኢ ኔሩ። ምኽንያቱ ኣብ ቦታ ምክልኻልን ምክፍፋልን ዝጻወቱ ኣርቴታን ዊልሽርን ሰፊሕ ቦታ ክኸፍቱ ይረኣዩ ስለ ዝነበሩ'ዮም። ኣብዚ ቦታ ወትሩ ክዘከሩ ዝነበሩ ቪየራን ጂልበርቶ ሰልቫን፡ ኣርሰናል ኪኖ ፕሪመር ሊግ፡ ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኽ ጸብለል ክትብል ዝበርዎ ግደ ዝርሳዕ ኣይኮነን።

ኣርሰናል፡ ነዚ ብዓወት ዋንጫ ኮሚኒቲ ሽልድ ፈሊሞቶ ዘሎ ዓመተ ስፖርት ንምድራዕን ተወዳዳርነታ ንምዕባይን ኣብዚ ተሪፉ ዘሎ ተጻወትቲ ናይ ምስግጋር ወቕቲ፡ ኣርሰን ቨንገር ኣብ ምክልኻል ዘድሊ ኣኪፋሊ ተጻዋታይ ተንተንቲ ርእይቶኦም ይህቡ። ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ኩዲራ ድማ ከም ኣማራጺ ይረቝሑ። በተወሳኺ ኣርሰናል ኣብ ዝሓለፋ ዓመታት ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ክትዓትር ካብ ዘየኽኣልዋ ምኽንያታት፡ እቶም ኣብታ ጋንታ ዝጸንሑ ተጻወትቲ፡ ነታ ጋንታ ከገልግሉ ኣብ ዝኽእሉሉ እዋን ናብ መሸጣ ይቐርቡን ነታ ጋንታ ይገድፍዋን ብምንባሮም ምዃኑ ይግለጽ። ስለዚ ቨንገር ኣብ ምዕቃብ ህልው ዓቕሚ እዛ ጋንታ ኣቓልቦኡ ከዕቢ ዝምሕጸኑ ተንተንቲ ብርክት ዝበሉ እዮም።

## "ባርሴሎና ምዕሩይነት ይጎድላ" ዮሃን ክሩፍ

ኣብ ክሉብ ባርሰሎና ብዘለዎ ዓቢ ጽልዋ ተሰማዕነት ዘለዎ ኣሰልጣኒ'ታ ክሉብ ነበር ሆላንዳዊ ዮሃን ክሩፍ፡ ኣብዚ ቅንያት ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ክሉብ ባርሰሎና ርእይቶኡ ሂቡ። ክሩፍ ኣብ ርእይቶኡ፡ ባርሰሎና ኣብዚ እዋን'ዚ ዘይምዕሩይቲ ጋንታ ኮይና ምህላዋ ገሊጹ። ንሱ "ባርሳ ንኣጥቃዓይ ልዊስ ስዋረዝ ካብ ሊቨርፑል ብ75 ሚልዮን ፓውንድ ምስ ኣፈረመቶ ምስቶም ኣብታ ክሉብ ዝጸንሑ መሲን ነይማርን ደማሚራ እቲ ዘይምዕሩይነት ይጎልሕ" ብምባል ድማ ይገልጽ። ስዋረዝ መቐጻዕቱ ወዲኡ ምስ ተመልሰ ኣሰልጣኒ ልዊስ ኤንሪከ ኣርባዕተ ዓለምለኻውያን ተጻወትቲ ክህልውዎ እዮም። ንኩሎም እዞም ዝተጠቐሱ ተጻወትቲ፡ ዘዕግብ ምሕደራ ከተኣታቱ ምዃኑ ድማ ይገልጽ። ክሩፍ ብተወሳኺ ባርሰሎና ኣብ ማእከል ምስግጋር ተጻወትቲ ብርክት ዝበለ ግን ከኣ ኣካታዒ መጠን ገንዘብ ኣውጺኣ ንቨርማለን፡ ራኪቲች፡ ማቲው ዓዲጋ ከም ዘላ ይገልጽ።



# ነፈርቲ ኲናት ፈረንሳ ኣብ ማሊ ደብዲበን



ፈረንሳ ብነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ኣብ ሰሜናዊ ማሊ ከምዘደብደበት በቢሲ ሓቢሩ። እቲ ደብዳብ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ልዕሊ'ቲ ተቓወምቲ ወገናት ማሊ ዝንቀሳቐስሉ ከባቢታት'ዩ ተኻይዱ። ዛጊት ብዘዕባ ዝወረደ ጉድኣት ኣይተሓበረን።

ፈረንሳ ኣቐዲማ'ውን ኣብ ሰሜናዊ ማሊ ተመሳሳሊ ደብዳብ ከምዝኻየደት ጸብጻባት ሓቢሮም። ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ቦምባታት ኣብ ጥቓ "ኢሳካ" ዝበሃል ከባቢ ምውዳቐ'ዩ ተገሊጹ።

ፈረንሳ፡ ኣብ ሰሜናዊ ማሊ ምስ ኣል-ቓዒዳ ርክብ ከምዘሎም እትገልጾም ዕጡቓት ከምዝንቀሳቐሱ'ያ ትኸስስ። ናብ ማሊ ኣማኢት ወተሃደራት ኣእትያ ዘላ ፈረንሳ፡ ንገስጋስ ናይቶም እስላማውያን ሓይልታት ንምግታእ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ማሊ ምትእትታው ከምዝገበረት ኣይርሳዕን።

ዝሓለፈ ወርሒ፡ መንግስቲ ፈረንሳ፡ 'ሳሕል' ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ሰሜናዊ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ኣንጻር ሃይማኖታውያን ዕጡቓት ዝቐንዐ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ስርሒት ከምዝካየደ'ዩ ዝገልጽ።

ኣብ ማሊ ንነዊሕ ዓመታት ዝተዋገአ "ቱዋረግ' ዝተባህለ ዕጡቕ ጉጅለ ምስ መንግስቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ድሕሪ ምኽታሙ፡ መንግስቲ ፈረንሳ ኣንጻር'ቶም ኣብ ሰሜናዊ'ታ ሃገር ዝዓስከሩ እስላማውያን ዕጡቓት ዕላማ ገይራ ትሰርሕ ምህላዋ ተፍልጥ።

# ከረጺት ምሉእ ወርቂ ዝሰረቑ ፈረንሳውያን ኣብ ፍርዲ

ኣብ ፈረንሳ ወርቂ ዝመልአ ከረጺት ብምስራቕ ተሰዊሮም ዝጸንሑ ሰለስተ ዜጋታት'ታ ሃገር ኣብ ፍርዲ ከምዝቐረቡ ፖሊስ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

እቶም ጥርጡራት ኣስታት 1.2 ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ክዙን ወርቂ ካብ ሓደ መንበሪ ገዛ ብምዝማት'የም ተሰዊሮም ጸኒሖም።

እቲ ክዙን ወርቂ ኣብ እዋን ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብቲ ገዛ ዝተሓብአ ክኸውን ከምዝኽእል'ዩ ዝግመት። እቶም ጥርጡራት ኣብቲ ገዛ ህንጻዊ ምትዕርራይ እናኻየዱ፡ ነቲ ዝተሓብአ ሃብቲ ብዘረኸብዎ ንዋናታት'ቲ ገዛ ኣብ ክንዲ ምሕባር ብምስጢር ክማቐልዎ ከምዝተሰማምዑ'የም ተሓቢሩ። ነቲ ኣዋርቕ ብሕቡእ ብምሻጥ ሞተር ብሽክሌታ፡ መካይንን ካልእ መጋዝኢ ንብረትን ክገዝኡ ኣብ ዝጀመርሉ እዋን ድማ'የም ኣብ ትሕቲ ፖሊስ ኣትዮም።

ፖሊስ ኣብ ዘካየዶ መርመራ፡ እቲ ዋጋ ክቡር ወርቂ ብስርቂ ዝተረኽበ ምዃኑ ከረጋግጽ ከምዝኸኣለ ንጋዜጣ ፓሪስ ኖርማንዲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ሓቢሩ።

ሰለስቲኦም ክሱሳት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ፓሪስ ኣብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ከምዝቐርቡ ሓበሬታ ፖሊስ ኣፍሊጡ። ብተወሳኺ ነቲ ዘይሕጋዊ ንብረት ዝገዝአ ውልቀሰብ፡ ናብ ፍርዲ ከምዝቐርብ እቲ ሓበሬታ የጽንዕ።

ወናኒት ናይቲ ገዛ ብዛዕባ'ቲ ኣብቲ ገዛ ዝተኸዘነ ሕቡእ ሃብቲ ትፈልጦ ነገር ከምዘይነበራ ብምግላጽ፡ ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ብፖሊስ ምስተሓበራ ጋን ከምዝተኸና'ያ ተረዲኣ።



# ውላዶም ብፖሊስ ዝተቐትለ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ወለዲ ፍትሒ ይጽውዑ

እቲ ቅትለት ኣብ ዞባ ሚዙሪ ኣብ እትርከብ ከተማ ሰይንት ልዊስ'ዩ ተፈጺሙ። ዝሓለፈ ቀዳም፡ ወዲ 18 ዓመት ጸለም ኣመሪካዊ ማይክል ብራውን ምስ ዓርኩ እናኸደ'ዩ ብሓደ ኣባል ፖሊስ ኣመሪካ ተቐቲሉ።

"ወድና ጥራይ ኢዱ እንከሎ'ዩ ኣብ ማእከል ጎደና ብጥፍዒ ተቐቲሉ" ብምባል ወለዱ ይኸሱ። ኣቦ'ቲ ግዳይ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ማይክል ተበኣሳይ ሰብ ኣይኮነን። ጠባዩ'ዩ ነይሩ" ብምባል እቲ ኣብ ልዕሊ ውላዱ ዝተፈጸመ ቅትለት ፈጺሙ ዘይፍትሓውን ብዓሌታዊ ኣረኣእያ ዝተደረኸን ምዃኑ ኮኒኑ። እቲ ጉዳይ ምሉእ ምጽራይ ክግበረሉ ድማ ጸዊዑ።

ኣብቲ ኩነታት እቲ ጸለም ኣመሪካዊ ብኣድራጋ ጠያይት ተወቒዑ ክወድቕ እንከሎ፡ ምስኡ ዝነበረ ዓርኩ ግን ሃዲሙ ከምልጥ ከምዝኸኣለ ማዕከናት ዜና ይሕብራ።

ነቲ ፍጻመ ብዓይኑ ከምዝተዓዘበ ዝገለጸ ምስክር ብወገኑ፡ እቲ ኣባል ፖሊስ ነቶም መንእሰያት ካብቲ ከባቢ ክርሕቁ ብዘሓዘ - ርሒቖም እናኸዱ እንከለው፡ ሽጉጡ ማዚዙ ክትኩሰሎም ከምዝጀመረ ገሊጹ። ብጥይት ዝቖሰለ መንእሰይ፡ ኢዱ ንላዕሊ ዘርጊሑ ክብሩኽ እናፈተነ እንከሎ፡ እቲ ሽጉጥ ዝሓዘ ኣባል ፖሊስ ቀረብ ደጊሙ ተኩሱ ከምዝቐጸሎ እቲ ናይ ዓይኒ ምስክር ኣረዲኡ።

ብቕትለት ናይቲ መንእሰይ ዝተቖጥዑ ኣማኢት ሰባት ኣብ ጎደና ወጺኦም ተቓውሞኦም ከምዝገለጹን ሓያሎ ከምዝተኣሰሩን ምንጭታት ዜና ሓቢረን።

ኣብ 2012 ኣብ ፍሎሪዳ ሓደ ኣባል ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ትራይቮን ማርቲን ዝተባህለ ወዲ 17 ዓመት ጸለም ኮተቴ ተመሳሳሊ ቅትለት ከምዝፈጸመን ናብ ፍርዲ ቀሪቡ ናጻ ከምዝተባህለን ዝዝከር ኮይኑ፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ንዝፍጸም ኣድልዎ ብጭቡጥ ዘርኢ ፍጻመ ከምዝነበረ ይፍለጥ።

ኣብዚ ስእሊ እንርእዮ ዘለና ምስሊ ኣብ ቤተ-ፈተነ(ላቦራቶሪ) ዝተማስረሐ ኣእዛን ሰብ'ዩ። እዚ ሰብዑርሓ(ኣርተፊሻል) ኣእዛን'ዚ ግቡእ ዕቤቶ፡ ኣብ ቤተ-ፈተነ ምስ ወደአ ናብ እዚ ዘይብሮ ሰብ ከምዝጠብቕ ተገይሩሉ፡ እወታዊ ውጽኢት ከምዝተረኽቦ በቢሲ ሓቢሩ።

እቲ ማስርሒ፡ ብብሪጣንያውያን ክኢላታት ኣብ ልዕሊ ኪራን ሶርኪን ዝተባህለ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ቁልዓ ዝተኻየደ'ዩ።

ኪራን ክውለድ እንከሎ እዝኒ ኣይነበሮን። ኣብቲ ኣእዛኑ ክህልዎ ዝነበሮ ቦታ ክልተ ነኻሉት ኣሎ። ብሓገዝ ሕክምናዊ መሳርሒ እንተዘይኮይኑ ድማ ክሰምዕ ኣይክእልን'ዩ ዝነበረ። ነባሪ ፍታሕ ንኽረኽብ ወለዱ ናብ ሆስፒታል ለንደን ወሲዶሞ። ተመራመርቲ ኣማራጺ ንምርካብ ጻዕርታት ገይሮም። ካብ ገዛእ ማሳኑግለኡ ሕደት ዋህዮታት ወሲዶም ኣብ ቤተ-ፈተነ ኣባዚሖምም። ብሕክምናዊ መሳርሕ ድማ ነቲ ዝዓቢ ዝነበረ ስጋ ቅርጺ ኣእዛን ክምዝሕዝ ገበርዎ። ኣማሲያኡ ነቲ ቁልዓ ኣእዛን ኣጣበቕሉ።



"እቲ መስርሕ ሕልኽልኽ'ዩ፡ መውዳእታኡ ግን ተዓዊትና" ይብል ናይቲ ፕሮጀክት መራሒ። ኪራን ብወገኑ፡ "መሳቶይ ሰኞ ኢሎም'የም ዝሓተኒ ነይሮም፡ ሕጂ ግን ኣዕሪፈ፡ ሕጉስ'የ" ይብል። እቲ መስርሕ ሕክምና ርእሰ ተኣማንነቱ ክብ ከም ዝበለ ወለዱ የረድኡ።

# ዜና ብሓጺሩ

ልዑል መጠን ሰቡዳ ኢቦላ ዘጋጥማ ዘሎ ላይበርያ ብቕዓቱ ዘይተረጋገጸ ሓድሽ መድሃኒት ክወሃባ ምዃኑ ተሓቢሩ። ብመሰረት ሓበሬታ በቢሲ፡ ላይበርያ "ዚማፕ" ዝተባህለ ሓድሽ መድሃኒት ካብ ኣመሪካ ክወሃባ ሕቶ ከተቕርብ ምጽንሓ ተሓቢሩ። እቲ መድሃኒት ኣብ ግዳያት ከምዝፍተን ድማ ምንጭታት ዜና ካብቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ብሕማም ኢቦላ ዝተታሕዙ ክልተ ኣመሪካውያን ናብ ኣመሪካ ከምዝተገልዙ ድሕሪ ምግባር፡ ነዚ 'ዚማፕ' ዝተባህለ መድሃኒት እናወሰዱ ጥዕናኦም ተመሓይሹ ከምዝሎ'ዩ ዝንገር። ቻይና ብወገና 4.9 ሚልዮን ዶላር ዝወደአ መሳርሒ ሕክምና ብሓገዝ ንላይበርያ ከምዝለገሰት'ያ ትገልጽ።

***

ዕጡቓት ተቓወምቲ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ ንመዘኑት ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር መዛመት ካሙን ከምዘይቕበልዎ ኣፍሊጦም።

እቶም ብ'ሰለካ' ዝጽውዑ ዕጡቓት ተቓወምቲ፡ ነቲ ንመሲጋገሪ መንግስቲ'ታ ሃገር ክመርሕ ዝተመዝ ፖለቲከኛ ዝጸግሉ ምኽንያት ዛጊት ኣየጸሩን።

ይኹን'ምበር ንሱ ደገፍ ናይ ፈረንሳ ስለዘለዎ፡ ንረብሓ ሃገሩ ብግቡእ ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ ዝብል ስግኣት ከም ዘለዎም'የም እቶም ዕጡቓት ክገልጹ ጸኒሖም።

ፈረንሳ ኣብ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ ሓያሎ ወተሃደራታ ኣዋፊራ ከምእትርከብን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ'ታ ሃገር ወሳኒ ተራ ከምዘለዋ ይፍለጥ።

ኣብ ሪ.ማ.ኣፍሪቃ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተላዕለ ሃይማኖታዊ ኲናት ኣሽሓት ሰባት ብጥፍዒ ክቕተሉ እንከለው፡ ዓሰርታት ኣሽሓት ድማ ካብ መንበሮኦም ከም እተመዛበሉ ምንጭታት ዜና የመልክቱ።

ብመሰረት ኣህጉራውያን ጸብጻባት ቁጠባ ኣስታት 4.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ ብድኽነትን ኲናትን ካብ ዝተሃስያ ሃገራት ኣብ ቅድሚት ትስራዕ። 20 ሚእታዊት ካብ ዜጋታታ ድማ ብሰንኪ ኲናት ኣብ ግዝያዊ መዕቆቢት ከምዝነብሩ ይግለጽ።